# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.198 | ቀዳም 19 ሚያዝያ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ዜና
ገጽ 3 ድቃስን ሕልምን

ገጽ 4 ጥቕምታት ሱፍ

ገጽ 5 ቅዲታት ኣተዓባብያ

ገጽ 11 ++++



## ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ዝርከብ መጽንሒ ናጽላታት፡ ኣገልግሎቱ የማዕብል

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ዝርከብ መጽንሒ ናጽላታት፡ ብዝተዋደደሉ ዘመናዊ መሳርሒታት ዝማሰነ ኣገልግሎት ይህብ ከም ዘሎ፡ ሓላፊት ክፍሊ ህጻናት ፕሮፌሰር ጸገሬዳ ጉብረሂወት ሓቢራ።

እቲ ክፍሊ፡ ብምትሕብባር ኣብ ሃገረ ጀርመን ዝመደበሩ 'ኣርኪሜድ' ዝተሰምየ ማሕበርን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ምሉእ ጽገና ህንጻ ከም ዝተገበረሉን ሓደስቲ መሳርሒታት ከም ዝተዋደደሉን ብምጥቃስ፡ እዚ ኣብ ዓይነት ዝወሃብ ኣገልግሎትን ምንካይ መጠን ሞት ናጽላታትን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከም ዘሎ ኣብሪሃ።

ክኢላ ሕክምና ህጻናት ዶ/ር ዞሚካኤል ዕቑብን ርእሱ ነርስ ሰስተር ኤልሳ ዘሞን ብወገኖም፡ እቲ ክፍሊ ካብ መላእ ሃገር ዝመጽኡ ናጽላታት ዝጸንሐሉ ኩይኑ፡ ዝጠዘሐ ናይ ምስትንፋስ ጸገም ዘለዎም ምኗኖም ብምጥቃስ፡ ቅድሚ





መዓልቶም ማለት ካብ 37 ሰሙናት ንታሕቲ ዝተወልዱ ናጽላታት'ውን ካብ ሰለስተ መዓልታት ክሳብ ክልተ ኣዋርሕ ከም ዝፅቀቡሉ ኣረዲኦም።

ምስ ምትእትታው ናይ'ቲ ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ሓንቲ መሳርሒት ንሓደ ህጻን ኣብ እትምደበሉ ደረጃ ተበጺሑ ከም ዘሎ፡ ብዝወሰኸ ገሊጾም።

ኣብ ዝመጽእ ቀረባ እዋን ኑቲ ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት ብዝበለጸ ዞማዕብል መሳርሒታት ክተኣታቶ ምኳኑ፡ ካብ ምምሕዳር ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ።


## ሃማመተኤ፡ ኣብ ኣስመራ 'ሃገራዊ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ' ከአንግድ'ዩ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ "ፈጠራዊ ሓሳብ ንምዕባለ ሕብረተሰብ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝቐንዐ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ከአንግድ ምኳኑ ገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ ኑቲ ብምኽንያት መበል 34 በዓል ናጽነት ክካየድ መዲቡ ዘሎ ፈላማይ መደብ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ኣቐዲሞም ዝዓለዎ ንድፊ ኣገባብ ትግባረ ዚያዳ ኣድማዕን ውጽኢታውን ንምግባሩ፡ ብ17 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ - ማእከል ምህዞን ዋኒንን ኣብ ዘቃንያ ዓውደ-ዘተ'ዩ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ማሕበርን ሞያውያን መንእሰያትን ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተ፡ ሓላፊት ምክትታል ዞባታት መንእሰይ ሄለን ኣሚን ኣብ ዘቕረበቶ ንድፊ እማመ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ውድድር፡ መንእሰያት ኣብ ሂወቶም፡ ሂወት ሕብረተሰቦምን ዝሰርሑሉ ትካላትን ዘጋጥም ሕጽረታት፡ ሃንፍታት፡ ብደሆታትን ጸገማትን ኣለልዮም፡ ብዝቐለለ መገዲ ፍታሕ ዝረኽቡሉ ሓሳባት ከማዕብሉን ክሰርሑሉን ንምትብባዕን ንምድራኽን ከም ዝዀነ ገሊጻ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ መዘተዩ ወረቐትን ሕቶታትን ድሕሪ ዘቐደዎ ዘተ፡ እቲ ውድድር ብደረጃታት ተኸፋፊሉ ንኸሉ ክፉት ክኸውን፣ ዝቐረቡ ሓሳባት ማሕበራ-ቑጠባዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ዝፍትሹ፡ ዝፈትሑን ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ኣበርክቶ ዝህብሩን ክኾኑ፣ ምድግጋምን ምቕዳሕን ሓሳባት ንምውጋድ መለጸሪ ማዕከን ዳታ ክዋደድ፣ ከም'ኡ'ውን ውጽኢት ፈጠራዊ ሓሳብ ናብ ዕውት ፕሮጀክት ንኽሰጋገር ብዕቱብ ክሰራሓሉ ኣብ ሓብራዊ መረዳእታ ተበጺሑ።




ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እዚ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ማሕበር - መንእሰያት ብጠዘንብለኣምን ባህግታቶምን ክጥርነፉ፣ ክውደቡን ክተባበዑን ዘካይዶ ጻዕሪ ምኳኑ ጠቒሱ፣ እቲ ውድድር - መንእሰያት ፈጠራዊ ሓሳባት ዘዕኩኽሉ፣ ዘለዎም ፍሉይ ክእለታትን ኣፍራይነትን ዘማዕብሉሉን ዕቑር ዓቕምታቶም ዘለልዩሉን ባይታ ክኸውን ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ኣቶ ሳልሕ ብዝወሰኾ፡ ንኣገባብ ውድድር ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብዝሰፍሐ ክወጽእ'ኳ እንተኾነ፡ ተወዳደርቲ ካብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን ዝምላእ ፎርም ብምውሳድ፡ ክሳብ 10 ግንቦት ፈጠራዊ ሓሳቦም ከቕርቡ ከም ዘኽእሉ ኣረዲኡ።

## እንስሳታት ዘቤት፡ ግቡእ ኣተሓሕዛ ክግበረሎም መተሓሳሰቢ ቀሪቡ




እንስሳታት ዘቤት ማዕረ-ማዕረ'ቲ ዘለዎም ጥቕሚ፡ ጠንቂ ጥዕናዊ ጸገማትን ሓደጋን ክኾኑ ስለዝኽእሉ፡ ግቡእ ጥንቃቐን ክንክንን ክግበረሎም፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ሃብቲ እንስሳ ዶ/ር ዑቕባዝጊ ክፍለ ኣተሓሳሰቡ።

ምስ ወዲ ሰብ ጥቡቕ ዝምድና ዘለዎም ከልብን ድሙን፡ ካብ ዘመናት ኣትሒዞም ንምዝንጋዕ፡ ሓለዋን ሃድንን ከገልግሉ ምጽንሖም፣ ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ክርእ ከሎ ድማ ምስ ሰብ ምህላዎም ኣዝዩ ባህታን ውሕስነትን ከም ዝፈጥረሎም ብምጥቃስ፡ ኣብ ሓድሕድ ዘለዎም ምትእስሳር ቀሊል ከም ዘይኮነ ኣዘኻኺሩ።

"ድሕነትን ውሕስነትን ደቂ-ሰብ ንምርግጋጽ፡ እቶም እንስሳታት ብግቡእ ክንምገቡን ብጽሬት ክተሓዙን፣ ከም'ኡ'ውን ማሰላቶምን ግቡኣቶምን ክንገልኣሎም ኣለዎ" ዝበለ ዶ/ር ዑቕባዝጊ፡ ዕሉታዊ ምንቅስቓሳቶምን ባህርያቶምን ክንከታተል፣ ዝኾነ ዘይንቡር ባህሪ ኣብ እንርእየሎም ድማ ናብ ሕክምና እንስሳ ክንወስዶም ተማሕጺኑ።



ምስ እንስሳታት ድሕሪ እንገብሮ ምትንኻፍ ጽሬት ክዘውትር ዘየዳኽረ ዶ/ር ዑቕባዝጊ፡ ካብ እንስሳታት ብሓፈሻ ካብ'ቶም ኣብ ውሽጢ ቤትና ዝነብሩ ከልብን ድሙን ድማ ብፍላይ ዝመሓላለፉ ሕማም ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ብደማሙ'ውን ስለዝመሓላለፍ፡ ክታበት ንኣኽላባት ጥራይ ዘይኮነ ንደማሙ'ውን ከም ዝምልከት ብምጥቃስ፡ ደማሙን ኣኽላባትን ብስሩዕ ክኽተቡ ኣተሓሳሰበ።

ምምጋብ ጥረ ስጋ ከም'ቲ ኣብ ሰባት ዝምጽኦ ጥዕናዊ ሳዕቤን፡ ውሕስነቱ ዘይተረጋገጸ ስጋ ናብ ሰብ ሕማማት ከመሓላልፍ ስለዝኽእል፡ ንእንውንናዮም ኣኽላባትን ደማሙን እንምግቦ ስጋ ጥዕንኡ ውሑስ ምኳኑ ክረጋገጽ ከም ዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ ዶ/ር ዑቕባዝጊ፡ ምስ ደማሙ ዝግበር ምቅርራብን ምትንኻፍን፡ ኣብ ነፍሰጾራት ናይ ምንጻል ጥንሲን ዘይንቡር ጸገማትን ሳዕቤን ክህልዎ ስለዝኽእል፡ ካብ ደማሙ ክርሕቃ ኣተሓሳሰበ።

## ዜና

# ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት፡ ብዕቱብ ክስራሓሉ ይሕተት



ንተመሃሮ ዝውደብ ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ከም'ኡ'ውን ህንጸት ታሪኹ ዝፈልጥ ብቑዕ መንእሰይ ዘለዎ ኣበርክቶ ብቐሊል ስለዘይጥመት፡ ብዝለዓለ ክስራሓሉ ማዕሚኸሪ ቀረበ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ተመሃሮ ኣብ ከተማ ከረን እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሮራ፡ ብ16 ሚያዝያ ናብ ታሪኻዊ ቦታታትን ቱሪዝማዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ህንጻታት ከተማኦምን ዑደት ኣብ ዝፈጸሙሉ'ዩ።

እቶም ተመሃሮ፡ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተዘከሙሉ ታሪኻዊ ድፋዓት ጥንቁልሓስ፣ መቓብራት ወተሃደራት እንግሊዝን ጥልያንን፣ ከም'ኡ'ውን ታሪኻዊ ህንጻታት ከተማ ከረን ኣብ ዝበጽሑሉ፡ ሓላፊ ጨንፈር መጸናዕትን ምክትታል ጸጋታት ቱሪዝምን ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ፍስሃ ሃብቱ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ መደብ ብምጥቃስ፡ ከም'ዚ ዝበለ ተበግሶ ብኻልኦት ትካላትን ኣካላትን ክዝውተር ተላቢዩ።

ብዘይፍላጥን ብሸለልትነትን ኣብ ጥንታዊ ኣሰራት ዝጋጥም ዘሎ ዕንወት ደው ክብል ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢን ሕብረተሰብን ክዓዝዝ ዘዀኸረ ኣቶ ፍስሃ፡ ብሓደጋ ውሕጅ፡ ከም'ኡ'ውን ብኣራግጽ ጥሪትን ሰብን ዝወርድ ዕንወት ክግታእ ምእንቲ፡ ክኽለልን ግቡእ ክንክን ክግበረሉን ጸዊዑ።

ዑደት ዝገበሩ ተመሃሮን መምህራኖምን ብወገኖም፡ እቲ ዑደት - ነቲ ኣብ ቀረባኦም ከሎ ከይፈለጥዎ ዝጸንሐ ታሪኽን ቅርስን ብግቡእ ንኽፈልጡ ከም ዝሓገዞም ብምሕባር፡ ኣብ ካልእ ከባቢታት'ውን ክልመድን ኣካል ኣካዳሚያዊ ካላንደር ክኸውንን ተማሕጺኖም።

# መንእሰያት ባህሊ ምውህላል ከማዕብሉ መዘኻኸሪ ቀረበ



መንእሰያት፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሳዕቤናት ዘለዎ ባህሪ ሓሻሽት ወገድ ኢሎም፡ ናይ ምውህላል ባህሊ ከማዕብሉ መዘኻኸሪ ቀረበ።

ካብ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ - ፋርማሲስት ዳናይት ሰናይ ከም'ኡ'ውን ካብ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዳኛ ልኡላ ፍስሓጼን ንኤሪና ኣብ ዝሃብኦ ሓበሬታ፡ እቲ ቀንዲ ዘድሊ ናይ ባህሪ ለውጢ ስለዝኾነ ብዕቱብ ክስራሓሉ፣ ኣተሓሳስባ መንእሰያት ድማ ክጽዕ ግዚያውያንን በረስትን ነገራት፡ ንህይወትን ትርጉማን ሓገዝቲ ኣብ ዝኾኑ ንጥፈታት ክቐንዕ ጸዊዐን።

ምስ ሰዓት ዘለካ እወታዊ ዝምድናታት ምምዕባል፣ ከም'ኡ'ውን ንዕበየት ኣፍሸኻ፡ ስድራ-ቤትካን ሃገርካን ምስራሕ ካብ'ቶም ቀንደን መሰረታውያንን ነገራት ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ኣብያተ-ጽሕፈት መንግስቲ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ሃይማኖታውያን ትካላት፡ ብዓብኡ ድማ ሃማመተኤ ነዚ ዛዕባዚ ብዕቱብ ክሰርሑሉን ናይ ምውህላል ወኒ ንኽሃብ ኩሉ ጻዕርታት ከሕይሉ ... ሕጂ ኣብ ምእላይ ሓለፍ-ሓለፍ ዝርኣይ ... ኣብ መንእሰያት ዘሎ ...

ኻብ 2015 - ምስ ምጅማር ሓድሽ ስርዓት ደሞዝን ምቕያር ባጤራ ናቕፋን ተተሓሒዙ፡ እቶም 70 ሚእታዊት ዓማዊል መንእሰያት ምዃኖም ዝገለጸ ኣኪያዲ ስራሕ ንግዳዊ ባንክ ዓዲ-ወግሪ ኣቶ የሴፍ ተስፋይ፡ እንተኾነ ምስ ብዙሓት ዘለዉ መንእሰያት ኣገጻጽሮ እቲ ቁጽሪ ውሑድ ስለዝኾነ ክሰራሓሉ ብምዝኽኻር፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና - ሰራሕተኛታቱ ሕሳብ ክፈቱም ከጠራቕሙ ዝወሰዶ ተበግሶ፡ ካልኦት ትካላት ክስዕብኦ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ የሴፍ፡ ብንእስነትካ ዘጥረኻዮ ባህሊ ምውህላል እናሓደረ ስለዝሓገዝ፡ መንእሰያት ገዛእ ርእሶም ዝኾኑ ኣብ ዘድሊ ነገራት ካብ ምጥፋእ ክቑጠቡ ጸዊዑ።

# ጊንዳዕ - ንልዕሊ 200 ዜጋታት መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻዩዱ

ኣብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ጊንዳዕ፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ጊንዳዕን ሸዕብን ንዝተዋጽኡ 205 ዜጋታት፡ ናይ ዓይኒ መጥባሕቲ ተኻዩዱ።

እቲ ካብ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ብዝኸዱ 10 ክኢላታት ንኣርባዕተ መዓልታት ዝተኻየደ ዕውት መጥባሕቲ፡ ሓበላ ዓይኒ፡ ትራኮማ፡ ሕበጥ ዓይንን ካልእን ከም ዝጠቓለለ፡ ነቲ ጉጅለ ሓኪይም ዝመርሐ ዶ/ር ኢያብ በየነ ሓቢሩ።

ምስ ምቕያር ክሊማ ናይ ዓይኒ ጸገማት ኪጋጥም ተኽእሎ ከም ዘሎ ብምሕባር ድማ፡ ዜጋታት ኣብ ዝኾነ እዋን ቃንዛ ክዋኸቦም ... ከም ዝኽእሉ ...

ክሳብ ዑረት ዘብጽሑ ሕማማት ከም ዘለዉ ተገንዚቦም፡ ቀጻሊ ክንክን ዓይኒ ክገብሩን ተርእዮታት ምስ ዝህሉ ከኣ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክኸዱን ንዝወሃቦም መድሃኒት ብግቡእ ክጥቀሙን ኣዘኻኺሩ።

ዶ/ር ኢያብ ኣስዒቡ፡ እቶም ዝተፈላለዩ ጸገማት ጸኒሖም መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም ዜጋታት፡ ክሳብ ዝሓውዩ ምንቅስቓሶም ድሩት ክኸውን ጸዊዑ።

መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም ወገናት ብወገኖም፡ ንዓመታት ናይ ምርኣይ ጸገማት ከም ዝጸንሖም ብምዝካር፡ ነቲ ኣብ ከባቢኦም ዝተገብረሎም ሓገዝ ኣመስጊኖም።

# ኣገልግሎት ባንክ ደም ኤርትራ፡ ዕዉት ስራሕ ይዓምም

ኣገልግሎት ባንክ ደም ኤርትራ፡ ኣብ 2024 ከተግብሮ ዝወጠኖ መደባት ብግቡእ ከም ዘሰላሰሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ኤርትራ ኣቶ መሓሪ ኣብርሃም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መላእ ሃገር ሰፊሕ ኣስፋሕን ንጥፈታት ልግሲ ደምን ከም ዝተኻየደ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ዓንሰባን ብምንቅስቓስ ልዕሊ 16 ሽሕ ከረጺት ደም ከም ዝተኣከበ ኣፍሊጡ።

ወለንታዊ ልግሲ ደም እምነ-ኩርናዕ ዘካይድዎ ስራሕ ከም ዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ ኩለን ትካላት መንግስቲ፡ ማሕበራትን ኣብያተ-ትምህርትን ኣስፋሕ ብምክያድ ተራን ኣበርክቶን መንእሰያት ንምሕያል ጻዕሪ ከም ዝተኻየደ ኣብሪሁ።

ብደረጃ ሃገር ዝተለገሰ ደም፡ ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ዘድሊ መርመራታት ምስ ተኻየደሉ ናብ 29 ሆስፒታላት ከም ዝተፋፈለ ዝገለጸ ኣቶ መሓሪ፡ ንኹሎም ወለንታውያን ምስጋና ኣቕሪቡ።

ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ፣ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ኣርባዕተ ግዜ ክልግሱ ከም ዝኽእሉ ጠቒሱ ድማ፡ እዚ ከም ባህሊ ንኽሰርጽ ይስራሓሉ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

# ኣብ ሓመልማሎ፡ ሓጋዝ፡ ናቕፋን ባጽዕን ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡሳን ዞባታት ሓመልማሎን ሓጋዝን፣ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ኣብ ናቕፋን ባጽዕን ባህላዊ፡ ትምህርታውን ስፖርታውን ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ተኻዩዱ።

እቲ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዝበርን ኣሸራት ተመሃሮ ዝተሳተፍዎን ቅነ፡ ፍልጠታውን ኣካላውን ብቕዓት ተመሃሮ ክብ ኣብ ምባል ዓቢ ተራ ከም ዘለዎ፡ ወድብትን ኣለይትን ገሊጾም።

ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ንጥፈታት ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ዝያዳ ንምስፍሑ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ደገፍ ምምሕዳር ከም ዝዩፍናዩ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝዓየዱ ውድድራት፡ ብቕዓትን ተወዳዳርነትን ተመሃሮ ኣብ ምሕያል ኣገዳሲ ከም ዝኾኑ ዝሓብሩ ሓለፍቲ ትምህርቲ ብወገኖም፡ ተራን ኣበርክቶን ከም ክዓዝዝ ኣዘኻኺሮም።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ኩርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ድቃስን ሕልምን

ከልቢ ይድቅስ፣ ድሙ ትድቅስ፣ ንስኻትኩም'ውን ትድቅሱ፣ ኵሎም መጥበውትን ኣዕዋፍን እውን ይድቅሱ'ዮም። ዓሳታት፡ ለመምትን ሓሳኹን ከም ዝድቅሱ ከይተረጋገጸ ነዊሕ'ዩ ጸኒሑ። ኣብ ዝተፈላለየ መወከሲታት ከም እንረኽቦ ግን ኣገባብ ኣደቓቕሳ ደኣ ይፈላለ እምበር ንሳቶም'ውን ይድቅሱ እዮም።

ገዚፍቲ እንስሳታት ውሑድ ክድቅሱ እንከለው፡ ንኣሽቱ እንስሳታት ከኣ ዝያዳ ይድቅሱ። ሓርማዝን ዘራፍን ኣብ መዓልቲ ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ሰዓት ይድቅሱ። መንካዕ ን18 ሰዓታት ኣብ ድቃስ'ያ ተሕልፍ።

ኣብ ሰብ'ውን ከምኡ፡ ህጻናት ዝያዳ ዓበይቲ ይድቅሱ። ሓድሽ ህጻን ካብ 17 ክሳብ 18 ሰዓታት ብድቃስ የሕልፍ። ዓሰርተ ዝዓመቱ ቆልዓ 10 ሰዓታት ድቃስ ከድልዮ እንከሎ፡ ዝኣኽሉ ሰብ ከኣ ካብ ሸዱሽተ ክሳብ ትሽዓተ ሰዓታት ድቃስ የድልዮም። ዓበይቲ'ውን ኣብ ድቃስ ዘሕልፉዎ ግዜ ካብን ናብን ይፈላለ'ዩ።

*ስለምንታይ ንድቅስ?*

ስነ-ፍልጠተኛታት ስለምንታይ ንድቃስ ርጉስ መልሲ ኣይረኸቡሉን። ዋላ ደኣ ጭቡጥ መልሲ ኣይሃልዎም'ምበር፡ ሓሳባት ክህሉዎም ይኽእል እዩ።

- ቀዳማይ፤ ድሕነት ክኸውን እዩ። ሰብን እንስሳታትን ኣብ ግዜ ለይቲ ዝድቅሱ፡ ምእንቲ ድሕነቶም ክኸውን ይኽእሉ እዮም። ኣብ ጸልማት ጸላእቶም ኰነ ኣራዊት ከየጥቅዖም ብምስጋእ ዝበዝሑ ኣዕዋፍን መጥበውትን ኣብ



ገረብ ይሓኸሩ፣ ኣብ ጉድጓድ ይኣትው። በዚ ምኽንያት ቀዳሞት ደቂ-ሰብ'ውን ኣብ በዓትታት ወይ ካልእ መጽለሊ ይሓድሩ ነበሩ።

- ካልኣይ፤ ምስ ግዜ ዝማዕበለ ሓሳብ ከኣ፡ ድቃስ ኣካልና ብግቡእ ንኽሰርሕ ስለ ዝሕግዝ እዩ። ጽቡቕ ናይ ድቃስ ዕረፍቲ እንተ ረኺብና፡ ኣብ ስራሕና ብዙሕ ክንሰርሕን ከነድምዕን ንኽእል ኢና። እኹል ዕረፍቲ እንተ ዘይረኺብና ጽቡቕ ክንሓስብ፡ ክንሰርሕን ክንጻወትን ክብድ ይብል እዩ።

*ምስ ደቀስና እንታይ'ዩ ዘሎ?*

ኣብ ዓራት ተጋዲምና፡ ኣዒንትና ዓጺና፡ ድቃስ ምስ ወሰደና እንታይ ከም ዘሎ ንምፍላጥ ስነ-ፍልጠተኛታት ብዙሕ ኣጽኒዖምን ተማሂሮምን እዮም። ንብዙሓት ሰባት ኣብ ቤት ምርምሮም ከም ዝድቅሱ ብምግባር መጽናዕቶም ኣካይዶም።

- ደቂስና እንከለና ኩዑሶ ዓይንና ንላዕልን ንታሕትን ይንቀሳቐስ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዘሎ ድቃስ 'ረም' ክብሉ ስነ-ፍልጠተኛታት ሰምየሞ ኣለው። 'ረም' ንቕልጡፍ ምንቅስቓስ ኩዑሶ ዓይንና ዝውክል ቃል'ዩ። ኣብ ድቃስ 'ረም' እንከለና፡ ኣካላትና ክንቀሳቐስ ወይ ክዕጠጢ ይኽእል። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣእምሮና - ዳርጋ ከም ነቒሕና ዘለና - ኣብ ስራሕ'ዩ ዝጽመድ። ኣእምሮና ብኣየናይ ስራሕ ይጽመድ ይኸውን ይገርመና ይህሉ፡ ኣብ ድቃስ 'ረም' ንሓልም ኣለና ማለት'ዩ።

- ካልእ ዓይነት ድቃስ'ውን ኣሎ። ኩዑሶ ዓይንና ኣይንቀሳቐስን እዩ። ነዚ ዓይነት ድቃስ ስለ-ፍልጠተኛታት 'ንረም' ክብሉ ሰምየሞ ኣለው። 'ንረም' ቅልጡፍ ንዘይኮነ ምንቅስቓስ ኩዑሶ ዓይኒ ዝውክል እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣእምሮና ከም 'ረም' ኣብ ጽዑቕ ስራሕ ኣይጽመድን እዩ። ዝበዝሐ ግዜ ኣብዛም ክልተ - 'ረም'ን 'ንረም'ን ክንመላለስ ኢና እንሓድር።

*ስለምንታይ ንሓልም?*

ኣብ ሕልሚ ብዙሕ መጽናዕቲ ተኻይዱ እዩ። ሕልሚ ከም ምሕሳብ ዘይምዃኑ ድማ ይሰማምዑ። ኣብ ሕልሚ ክንሰምዕን ክንርኢን ንኽእል ብምዃንና፡ ሕልሚ ምስ ስምዒታትና ምትእስሳር ክህሉዎ ከም ዝኽእል ይገልጹ። ኣብ ሕልሚና ንሕጉስ፡ ንጉሂ፡ ንፈርሕ፡ ንመውቕን ንቑርርን ኢና። ብተወሳኺ፡ ዝኽርና ምስ ሕልሚና ምትሕሓዝ ክህሉዎ ይኽእል እዩ። ሳሕቲ ሕልሚታትና ልክዕ ከም ዛንታ ዝኹነና ግዜ ይህሉ እዩ፣ ቅድሚ ምውድኦም ስለ ዝቋረጹ።

ሕልሚታትካ ትርጉም ኣሎዎ ድዩ?


ናይ ቀደም ሰባት ካብ ሕልሚ ትርጉም ይጽበዩ ነይሮም'ዮም፣ ሕጂ'ውን ዝኣምኑዎ ክንፈትሕ እነደሊ ኣይወሓድናን። ቀዳሞት ግብጻውያን ሕልሚ ንመጻኢ ይነግር ምዃኑ ይኣምኑ ነበሩ። ገለ ፈላጣት ስነ-ኣእምሮ ከኣ ሕልሚ ንማዕሙቕ ሓሳባትን ስምዒትን ደቂ-ሰብ ንኽንንብቡ ይሕግዝ ምዃኑ ይገልጹ።

ስነ-ፍልጠተኛታት ሕልሚ ዝኾነ ትርጉም ከም ዘይብሉ ክገልጹ ይሰምዑ እዮም። "ሕልሚ፡ ኣብ ኣእምሮና ካብ ዘሎ መትኒታት ዝርከብ ሓበሬታ ዝንቅል'ዩ፡" ብምባል ይገልጹዎ። ገለ ስነ-ፍልጠተኛታት'ውን ሕልሚ ንዝኽርና ኣገዳሲ'ዩ በሃልቲ እዮም። ሕልሚ፡ ኣእምሮና ኣየናይ ሓበሬታ ክዝክሮ ኣሎዎ፣ ኣየናይከ ክርስዖ ኣሎዎ ኣብ ምልላይ ወይ ምፍላይ ይሕግዝ ምዃኑ'ዩ።

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

## ግብራዊ ኣብነታት ሕግታት ኒውቶን

ሳልሳይ ሕጊ፤



እዚ ኣብ ስእሊ ትርእዮ ዘለኹም ሓንባሳይ፡ ኣብ መዝለሊ ቦርድ መጺኡ ደው እንተ ዝብል እንታይ ምተፈጥረ? ኣብ ቀዳማይ ሕጊ ምንቅስቓስ ኒውቶን ከም ዝረኣናዮ፤ ኣብ ዕረፍቲ ዘሎ ግዝፊ እቲ ኣብኡ ዝርከብ ሓይልታት ተደሚሩ ባዶ ይኸውን። እዚ ሓንባሲ ኣብ መዝለሊ ቦርድ ደይቡ ትም እንተ በለ፡ ድምር ሓይሊታት ባዶ ይኸውን። እዚ ሓንባሲ - ከምዚ ኣብ ስእሊ እንርእዮ - ነቲ መዝለሊ ቦርድ ንታሕቲ ክደፍኦ እንከሎ፡ እቲ መዝለሊ ቦርድ ብተመሳሳሊ ሓይሊ ናብ ላዕሊ ኣየር ይደፍኦ።


***



ኣብዛ ጃልባ ዘለው ጉጅለ ከኣ ንተዓዝብ። ነታ ጃልባኦም ክንቀሳቐሱ ንሳልሳይ ሕጊ ምንቅስቓስ ኒውቶን ይጥቀሙ ኣለው። እዞም ጀለብቲ ነቲ ማይ ቡቲ መጃለቢ ይደፍኡዎ ኣለው። እቲ ማይ ከኣ ብማዕረን ተጻራርን ሓይሊ ነቲ መጃለቢ ይደፍኦ። እታ ጃልባ ከኣ ኣንጻር ኣንፈት ናይቲ መጃለቢ ሓይሊ ትኸይድ። እታ ጃልባ ከም እትኸይድ ዝገብራ እቲ ኣብኣ ዝዋሳእ ሚዛናዊ ዘይኮነ ሓይሊ እዩ።

***

ፍሕኛ ወይ ባላንቺና ንርአ፤




ፍሕኛ ክሳብ መወዳእታ ንንፍሓያ። ነፊሕና ከይኣሰርና ንፈንዋ። ካብ ኢድና በሪራ ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ክትከይድ እያ። እቲ ነፊሕና ዝመላእናዮ ኣየር፡ ቡቲ ጸቢብ ኣፋ ብሓይሊ ክወጽእ ክደሊ እዩ፣ ኣንጻር ናይዚ ዝወጽእ ኣየር ዝፍጠር ሓይሊ ከኣ እታ ፍሕኛ ብኣንጻር ኣንፈት ክትከይድ የገድዳ። ነቲ ንኽወጽእ ዝደፍኣ ዘሎ ሓይሊ ዝጻረር ካልእ ሓይሊ ነታ ፍሕኛ ብኣንጻራ ኣንፈት ከም እትኸይድ ይገብራ።

## ኣምራት ስነ-ፍልጠት

### # ክልሰ-ሓሳብ ተዛማድነት

"ኣፍደገ ኳንተም፡ ኣቶማውን ኒኩለሳውን ፊዚክስ ዘርሓወ"

ኣብ ኣካድያሚ ጉዕዞ ትምህርቱ ዕውት ኣይነበረን፣ ግን ንፊዚክስ ዓለም ዓቢ ኣበርኩቶ ገይሩ። ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲ ምውዳቕን ምትንሳእን ንቡር ምዃኑ ንኽረድኡ፡ ናቱ ዛንታ ዘምጽኡ ኣይወሓዱን። ገና ብንኡሱ ዓበይቲ ርኽበታት ዝገበረ፣ ንዓለም ምስ ጸጋት ስነ-ፍልጠታዊ ዝምድና ዝፈጠረላ፣ ንዓለም ኣብ ኣድማስ ዘሎዋ ኣጠማምታ ዝቐየረ፣ ስነ-ፍልጠተኛ ኣልበርት ኣይንስታይን እዩ። ነዚ ክልሰ-ሓሳብ ተዛማድነት ዝረኸበን ዘማዕበለን እዩ። ክልሰ-ሓሳብ ተዛማድነት ንሓዋሩ ኣገዳስን ኣድላይን ክኸውን ዝገበሮ ከኣ ሰብ ኣብ ኣድማስ ዝነበሮ ኣጠማምታ ከም ዘይምለስ ገይሩ ስለ ዝቐየሮ እዩ።

ኣይንስታይን፡ "ህዋን ግዜን ምሉኣት ወይ ፍጹማት ኣይኮኑን። ስሕበት ከኣ ኣብ ልዕሊ ሓደ ግዝፊ ወይ ርሕቀት ብቐሊሉ ዝዋሳእ ሓይሊ ኣይኮነን። ምስ ዝኾኑ ርሕቀት ዘሎዎ ግዝፊ ዝዋሳእ ሓይሊ ስሕበት፡ ንህዋን ግዜን ኣብ ዙርያኡ ከም ዝጥውዮ ይገብሮም።" ምስ በለ ዓቢ መቐይሮ ሓሳብ ከም ዘምጽአ ተገሊጹ። ነዚ ኣምር ንምቕላል እዚ ዝስዕብ ኣብነት ንርአ፤

ንመሬት ብትኽ ዝበለ ሕንጻጽ ትሰንጥቓ ኣለኻ ንበል። ንስኻ ካብ ሰሜናዊ ዋልታ ተበጊስካ ኣለኻ፡ ሓደ ሰብ ከኣ ኣንፈትካ ኣብ ካርታ ከቓምጦ እንከሎ፡ ካብቲ መበገሲኻ ንደቡባዊ ምብራቕ ገጽካ ኣቢልካ ክትጓዓዝ ኢኻ፡ ምኽንያቱ መሬት እንቋቑሖኣዊ ቅርጺ ስለ ዘሎዋ እዩ። ናብ ምብራቕ ክትጓዓዝ እንከለኻ፡ ንቕርጺ መሬት ኣብ ግምት ኣእቲኻ (ኣብ ወረቐት ዝተሳእለ ካርታ ዓለምን ግሎብን ዘሎዎም ፍልልይ ዘክር)፡ ቀሩብ ናብ ሰሜን ገጽካ ክትብልዕ ኣሎካ ማለት'ዩ። ንመሬት ትዘውር ናይ ህዋ መንኰርኵር፡ ኣብ ሰማ ዝበለ መስመር ትጓዓዝ ዘላ ኰይና ክትረኣ ትኽእል ትኸውን፡ ብግብሪ ግን ብሰንኪ ስሕበት መሬት፡ ዝተጠምዘዘ መስመር ይሀሉዋ።

ናይ ኣይንስታይን ክልሰ-ሓሳብ ተዛማድነት ንመጸኢ ኣስትሮ-ፊዚክስን ኮስሞሎጂን ዘይንቕንቕ መሰረት ምዃኑ ድማ ይእመነሉ።

ኢልያም ፈረጅ - ከረን

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ሓንቲ ገረብ ንምቕራጽ ሸሞንተ ሰዓት እንተ ተዋሂቡኒ፡ እቲ ሸዱሽተ ሰዓት ፋስይ ኣብ ምብላሕ መሕለፍኩዎ።"

- Abraham Lincoln

ትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበት፡ ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍረ ጻዕሪ

ፊልማዊት መጋሾ

ሕርሻን መግብን

# ጥቕምታት ሱፍ

ተኽሊ ሱፍ፡ ሄልዮስ ኣንቶስ ዝብል ስነ-ፍልጠታዊ መጸውዒ ዘሎዎ ኾይኑ፡ ብሓፈሻ ኣስታት 60 ዓይነታት እዚ ተኽሊ ኣብ ዓለምና ኣለዉ። እዚ ስም ብሊኖስ እተባህለ፡ ሽወደናዊ ተመራማሪ ስነ-ሂወት እተዋህበ እዩ። ንሓደ ወቕቲ ጥራይ ስለ ዝጸንሕ ድማ ወቕታዊ ተኽሊ'ውን ይብሃል እዩ። ተኽሊ ሱፍ፡ ካብ 3 ክሳዕ 15 ጫማ ኣቢሉ ንላዕሊ ይበቍል። ንጉኒ ድማ ካብ ሰለስተ ክሳዕ 14 ኢንች ኣቢሉ ዝበጽሕ ዕብየት ኣሎዎ። መበቈሉ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ምዃኑ ብዙሓት ክኢላታት ይሰማምዑ። ህንዳውያን ኣመሪካውያን ድማ እቶም ናይ ፈለማ ነዚ ተኽሊ ክጥቀምሉ ዝጀመሩ (ዋላ'ኳ ብቑዕ መርትዖ እንተዘይሃለወ) እናተባህለ ይዝንተወሎም።

እዚ ተኽሊ ኣብ መዓልታዊ ሂወት ደቂ-ሰብ ኣዝዩ ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ብደረጃ ዓለም ዘውቱርን ኣዝዩ ግኑን ጥቕሚ ናይዚ ተኽሊ ግን ኣብ ምፍዋስ እተፈላለዩ ሕማማት ስርዓተ ምስትንፋስ ዝጻወቶ ተራ እዩ። እቶም ቀዳሞት ተጠቀምቲ እዚ ተኽሊ ዝኾኑ ቀያሕቲ ህንዳውያን፡ ነዚ ተኽሊ ኣብ ምፍዋስ ብሮንካይትን ዝተፈላለዩ ናይ ሳንቡእ ሕማማትን ይጥቀምሉ ነይሮም። ዘይቲ ሱፍ፡ ኣብ መመቀሪ ሳላጣ፡ ምስራሕ ምኡዝ ጸብሒታት ከምኡ'ውን ኣብ ምስራሕ ማርጋሪንን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምቁር ሕብስትን ልዑል ተጠላብነት ኣሎዎ። ኣብ ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት ድማ ንመስርሒ ቀለማትን መመላኽዒ ቅብኣታትን የገልግል እዩ።

ዘርኢ ሱፍ፡ ልክዕ ከም ቡን ተቈልዩ ይስተ እዩ። ኣብተን ብብዝሒ ዘፍርያኦ ሃገራት ድማ፡ እዚ ዘርኢ ምስ ተኣርየ ነቲ ገዚፍ ተረፍ መትሓዚኡ ከም መግቢ እንስሳታት ይጥቀምሉ እዮም። ኣብ ሩስያ ድማ ቀራፍ ናይ'ቲ ዘርኢ ከም መስርሒ ኣልኮላዊ መስተ፡ መመልክዒ ዕንጸይትን መስርሒ ለቢቶን የገልግል። ዝነቐጸ ጉንዲ እዚ ተኽሊ'ውን ከም ምንጪ ጸዓት የገልግል። ጉንዲ ሱፍ፡ ብፎስፈረስን ፖታሽየምን ዝበሃሉ ማዕድናት ኣዝዩ ዝሃብተመ ስለ ዝኾነ፡ ናብ መሬት ክበላላዕ እንተ ተሓዲጉ፡ ኣዝዩ ተመራጺ ድኹዒ እዩ። ስለዚ እዚ ተኽሊ፡ ክንዮ ከም መግቢ ሰብን ኣዕዋፍን ወይ መመልክዒ ገደና ክርአ ይግብኦ።

ንገለ ካብ ጥዕናዊ ረብሓታት ናይዚ ተኽሊ ምስ እንርኢ፦

- ዘርኢ ሱፍ፡ ውሑድ መጠን ኮሎስተሮልን ሶድየምን እዩ ዘውንን። ስለዚ ካብ ሕማማት ልቢ ክከላኸል ይኽእል።
- ጽቡቕ ምንጪ ቪታሚን B6ን ቲያሚን፡ ማግኒዜም፡ ነሓስ፡ ፎስፈረስ፡ ማንጋነዝ፡ ሰሊኔምን ቪታሚን Eን እዩ። ኣብ ማዓልቲ ዘድልየካ ዓቐን መኣዛዊ መግቢ ንምርካብ፡ ነዚ ዓይነት ዘርኢ ብእተፈላለየ መልክዑ ክዝውተር ተመራጺ እዩ።



- ዘርእታት ሱፍ፡ ብቪታሚን E ኣዝዮም ሃብታማት እዮም። ልዑል መጠን ጸረ ምጸት ባእታታት (antioxidants) ስለ ዘሎዎም፡ ነቶም ብዘይቅጥዒ ኣብ ኣካላት ወዲ-ሰብ ክንቀሳቐሱ ዝረኣዩ ዓይነታት ዋህዮታት ገደብ ይገብሩሎም። ልዑል መጠን ቪታሚን E ዘሎዎም መግብታት ሳሕቲ ስለ ዝርከቡ፡ እዚ ዘርኢ ኣገዳሲ ይገብሮ። ብተወሳኺ፡ ሓደጋ ኣብ ዘጓንፈሉ እዋን ይኹን ካብ ነባር ቁስሊ ዘጓንፉ መድመይቲ ንምዕጋትን ቁስሊ ብኣጋ ንምሕዋይን ጠቓሚ እዩ።

- ሱፍ፡ ሓደጋታት ወቕዒ ልብን መጠን ሕማም ሽኮርን ኣብ ምንካይ ጠቓሚ እዩ። ሰለኔየም ዝተባህለ ባእታ ኣብ ሱፍ ዝርከብ፡ ንዝተጉድኡ ዋህዮታት ስለ ዝጽግን፡ ካንሰር ከስዕቡ ንዝኽእሉ ዋህዮታት ኣብ ምጥፋእ ይሕግዝ።

- ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ የቀላጥፍ። ሱፍ፡ ብዝሒ ልሕጾታት እዩ ዘውንን። ከም መግቢ ክንወስዶም ዝግብኣና ካብ ጥረታትን ካልኦት ኣእካልን እንረኽቦም ገፈል-መፈል ወይ ልሕጺ፡ ኣብዚ ተኽሊ ብልዑል ዓቐን እዮም ዝርከቡ። ዋሕዲ ልሕጺ ኣብ ኣካላትና ድርቀት፡ ጀርባዶ ወይ ኦሞሮድዮ፡ መንሽሮ መዓናጡን ካልኦትን ከጋጥም ይኽእል። ዝኸበደ መጠን ሕማማት ምሕቃቕ መግቢ'ውን ኣብ መዓናጡና መጠን መርዛምነት ከወሰኹ ይኽእሉ እዮም። ኣብ መዓልታዊ ሂወትና፡ ሓደ እኹል ሰብ ኣስታት 30 ግራም ንመዓልቲ ልሕጾታት ክምገብ ኣሎዎ። እተፈላለዩ መጽናዕትታ ከም ዘረጋግጽዎ ግን፡ መብዛሕትኡ ሰብ ንመዓልቲ ወላ 15 ግራም እውን ክወስድ ኣይርኣይን እዩ። ዘርኢ ሱፍ ኣብ መዓልታዊ ኣመጋግባ ልምድታት እንተ ኣእቲናዮ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ዝኾነ መጠን ጽሕጊ ካብኡ ክንረክብ ንኽእል።

- መጠን ሓይሊ ይውስኽ ዝበዝሑ ኣትለታት፡ ሱፍ ምብላዕ ይፈትዉዎ እዮም። ምኽንያቱ፡ ልዑል ዓቐን ፕሮቲንን ካርቦሃይድሬትን ስለዘሎዎ። እዚ ዘርኢ ንጸላም ኩብዲ ግላይኮጅን ዝተባህለ ሆርሞን ወይ ጽኪ ናብ መስመራት ደም ንምስዳድ ይሕግዛ። ግላይኮጅን ከም ሽኮር ኮይኑ ንኣካላትና ተወሳኺ ጉልበት ንኽንድልብ ዝሕግዝ ምንጪ ቅልጡፍ ሓይሊ እዩ።

- ሓጺን ወይ ኣይሮን ዝተባህለ ማዕድን ኣብ ሱፍ ብብዝሒ እዩ ዝርከብ። እዚ ማዕድን ኦክስጅን ናብ ጭዋድታትና ብግቡእ ንኽመቓራሕ ይሕግዝ። ብተወሳኺ፡ ሱፍ ሕማማት ናይ ምጽዋር ብቕዓትና ኣብ ምውሳኽ ዝሕግዝ ዚንክ ዝተባህለ ማዕድን ይውንን። ከም በዓል ሰዓልን ካልኦት ብተኸታታሊ ዝመላለሱ ዓይነታት ሕማማት ድማ የወግደልና። ልዑል ዓቐን ማግነዝየም'ውን ኣብ ሱፍ ይርከብ። ማግነዝየም ንድልዳለ ኣዕጽምትን ምድላብ ሓይልን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ዳርጋ ክልተ ሲሶ ማግነዝዮም ኣብ ኣካላትና ዝርከብ ኣብ ኣዕጽምቲ እዩ ዝኽዘን። ስለዚ ማግነዝየም ኣዕጽምትና ተረርትን ዝግባእ ቅርጽን ንኽህልዎም ይሕግዘና ማለት'ዩ። ጸቕጢ ደም እውን ኣብ ምንካይ ይሕግዘና እዩ። ስለዚ መጠን ወቕዒ ልብን ሕማማት ልብን ከም ዝንክዩ ይገብር።

- ብዝተፈላለዩ መርትዖታት ተደጊፉ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘነጽሮ፡ ዘርኢ ሱፍ፡ ልዑል ኣስትዋጽኦ ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ከም ዘሎዎን ወንኻ ንምብርባር እውን ሓጋዚ ምዃኑን ይሕብር። ናይ'ዚ ቓንዲ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ ከርሲ እቲ ዘርኢ ልዑል መጠን ትራይፕቶፈን (tryptophan) ዝተባህለ ባእታ ስለ ዝውንን እዩ። እዚ ጥረ ነገር፡ ዘሎዎ መግቢ እንተ ተመጊብካ፡ ኣእምሮኻ ሴረቶኒን ዝተባህለ ጽኪ ክምስርሕ ይሕግዞ። እዚ ጽኪ ኣብ ስርዓተ መትኒ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ከምኡ'ውን ብቕልጡፍ ጸቕጢ ኣእምሮ ንምንካይ ይሕግዝ። ስለዚ ኣብ ምኽዛን ዝኽርን ንምዝናይን ልዑል ሓገዝ የበርክት። እዚኦምን ካልኦት ዓበይቲ ዘይተዘርዘሩ ጥቕምታት ናይ'ዚ ዘርኢ ኣብ ሂወት ወዲ-ሰብ ኣዝዩ ጠቓሚ ካብ ኰነ፡ ክንጥቀመሉ ጽቡቕ እዩ።

## ሕቶ ፍረ-ጻዕሪ

### ሕርሻዊ ምህዞን ሰንዓን፡ መሳርሒታት ምምሃዝ ጥራይ ድዩ?

ምህዞ ክብሃል እንከሎ ንሓደ ፍልጠት ወይ ስነ-ሓሳብ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ባይታ ማለት'ዩ። እዚ ድማ ብእተፈላለየ መልክዕ ቴክኖሎጂ ድዩ ዲጂታል ኣሰራርሓ ተጠቒምካ ወይ ድማ ባህላዊ ዝነበረ ናብ ዘመናዊ ኣገባብ ክተምጽኦ ከሎኻ ሓድሽ ምህዞ ክበሃል ይከኣል። ብሓፈሻ ሕርሻዊ ምህዞን ሰንዓን ኣብ ኩሉ ዓንኬል ምፍራይን ፍርያምነትን ሰንሰለታዊ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ባይታ'ዩ ክብሃል ይኽእል።

ሕርሻዊ ምህዞታት፡ ሓደስቲ ማሽነሪታት ሕርሻ ምምሃዝ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምምዕባል ምሩጻት ዘራእቲ፡ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን፡ ካልኦት ንኣሽቱ መሳርሒታትን ወዘተ. ዝኣመሰሉ ሕርሻዊ ምህዞታት፡ ኣብ ምዕባለ ሕርሻን ኣብ ምኽዕባት እቶታትውነት ዓቢ ተራ ይጻወቱ። እዞም ምህዞታት ብጉልበት ዝሰራሕ ንጥፈታት ሕርሻ የጉድሉን ልዑል ምህርቲ ንምፍራይን ይሕግዙን። ሕርሻዊ ምህዞታት፡ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ኣብ ምቕራብ ዓቢ ተራ ኣሎዎም። ስለዚ፡ ኣብዚ እዋን ዝፈርዩ ዘለዉ ብርክት ዝበሉ መሃዝትን ሰናዕትን፡ ንሓረስቶት ሃገርና ጉልበቶም ዝቍጥብሉን ሜላታት ሕርሻ ዘማዕብልሉን ምህዞታትን ሰንዓታትን ብምኽያድ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ እዋኑ ዝጠልቦ መድረኽ እዩ።

ኢንጂነር ሄራን ዮሴፍ
ኣሃዱ ሕርሻዊ ምህዞን ሰንዓን (ሚ/ ሕርሻ)

## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

### ገለ ሓቅታት ባናና

ተኽሊ ባናና፡ መበቈሉ ኣብ ማለጅያ ምዃኑ ሰነዳት ታሪኽ ይእምቱ። ባናና ብዓይነቱ ኣብ ክልተ ይምቀል፦ ሙሳ ኣኩሚናታ ሙሳ ባልቢሲያና ከኣ ይብሃሉ። ክሳዕ ሕጂ ካብዞም ክልተ ዓይነት ባናና ዝማዕበሉ ወይ ዝፈረዩ ካብ 200-300 ዝበጽሕ ብዝሒ ዘሎዎም ዓይነታት ባናና ተፈሊጦም ኣለዉ።

ካብ 100 ግራም ቀጠልያ ባናና፡ ማይ 75%፡ ሓይሊ ዝህብ ጸዓት 371 ኪሎ ጁል ወይ 89 ኪሎ ካሎሪ፡ ቅብኢ 0.33 ግራም፡ ኣካላት ዝሃንጽን ዘጠንክርን ፕሮቲን 1.09 ግራም፡ ሓይሊ ዝህብ ካርቦሃይድሬት 37 ግራም፡ ጽሕጊ 2.6 ግራም መኣዛዊ ትሕዝቶ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ምሕቃቕ መግቢ ዝሕግዙ ቪታሚናት ታይሚን፡ ሪቦፍላቪን፡ ኒያሲን፡ ፓንታቶኒክ ኣሲድ፡ ቪታሚን ቢ-6፡ ፎሌት ቢ-9፡ ኮሊክ፡ ቪታሚን-ሲ ከምኡ'ውን ማዕድናት ኣብ ምምስራሕን ምህናጽን ኣካላት ኣቀላጠፍቲ ከም ሓጺን፡ ማግነዝዩም፡ ማንጋኔዝ፡ ፎስፎረስ፡ ፖታሽዩም፡ ሶድዩምን ዚንክን ኣሎዎ።

ባናና ኣብ ዓለም ካብቶም ኣገደስቲ ፍረታት'ዩ። ምስ ካልኦት ፍረታት ክወዳደር እንከሎ፡ ጠለቡ ድሕሪ ወይኒ ይስራዕ፣ ብእተፈላለዩ መገዲ ድማ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል። ዝበሰለ ባናና ሽኮራዊ ትሕዝቶኡ ብቐሊሉ ስለ ዝሓቅቕ፡ ብጥሪኡ ይብላዕ ወይ'ውን ብመልክዕ ማርማላታ ይስራሕ። ጉዕ ባናና ተቓርዲዱ ምስ ነቐጸ'ውን ከም ሓርጭ ተጣሒኑ ብእተፈላለየ መልክዕ ብምድላው ክንምገቦ ንኽእል። ብተወሳኺ፡ ጉዕ ባናና ተጠጢቑ ይብላዕ'ዩ። ብፍላይ፡ ንትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ፡ ብሕጽረት ካርቦሃይድሬት ካብ ዝመጽእ ሕማም ኮሊያክ (coliac) ይከላኸል።

ኣብ ሃገርና፡ ድዋርፍ ካቨንዲሽ፡ ዊልያምስን ግራንድኔልን ዝውቱራት ዓሌታት ባናና ኣለዉ። ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ድማ ብሰፊሕ ደረጃ ይለምዕ። ስለዚ፡ እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ብልጫታት ካብ ሃለዎ፡ ኩልና ናይዚ ጸጋ ተጠቀምቲ ንኹን።



ምንጪ፦ መወከሲ ጽሑፍ ወሰኽ ክብሪ ባናና

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ
ሃ ማ መ ተ ኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ግ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ቅዲታት ኣተዓባብያ

ኣማኻሪ፤ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም፡ መን ክብል?

ደዋሊ፤ ናሆም እበሃል።

ኣማኻሪ፤ ካበይ ትድውል ምህላውካን ዕድሜኻንዶ ምሓበርካኒ ናሆም?

ደዋሊ፤ ካብ ከባቢ ኣስመራ'የ። ዕድመይ ከኣ 22 ዓመት ገይረ ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ መርሓባ፡ እንታይ ክሕግዘካ?

ደዋሊ፤ ኣነ ሰራሕተኛ መንግስቲ'የ። ይኹን'ምበር ኣብ ትሕቲ ስድራይ'የ ዝቕመጥ። ነብሰይ ክኢለ ክገብሮ ዝግበኣኒ ይዕበ ይንኣስ ውሳነታተይ ብወለደይ'ዩ ዝምራሕ። ሕጂ ዘደውለኒ ዘሎ ምኽንያት እምበኣር፡ ክሳዕ መዓስ'የ ከምዚ ኢለ ክቕጽል ስለ ዘተሓሳሰበኒ፡ ምሳኹም ተራኺበ ንምፍትሑ ገለ ክትሕግዙኒ ብምባል'የ ተበጊሰ።

ኣማኻሪ፤ ንተበግሶኻ ኣመስግነካ፡ መጀመርያ ድሕረ-ባይታ ኣተዓባብያኻ ከመይ ይመስልዶ ምገለጽካለይ?

ደዋሊ፤ ኣርባዕተ ኣሕዋት ኣለና፣ ኣነ ካልኣይ'የ። ኣደይን ኣቦይን ሰራሕተኛታት መንግስቲ'ዮም። ኣቦይ ትርር ዝበለ፡ ካብቶም ንደቆም ብግቡእን ልዕሊኡን ቀጺዖም ዘዕብዩ ገናሓት ኣቦታት'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ከመይ ማለትካ'ዩ?

ደዋሊ፤ ንኣሽቱ ከለና ብጩቕ ዝበለን ትእዛዝ ገዛና ዘየማልኣን፡ ካብ ሰዓት 8 ምሸት ኣሕሊፉ ዝኣተወ፡ ንሳልስቲ ካብ ገዛ ዘይምውጻእን ጾምካ ምሕዳርን ዝመስል መቕጻዕቲ ይውሰነሉ ነይሩ።

ኣማኻሪ፤ ንምንታይ ደኣ ከምኡ ይገብሩ ነይሮም?

ደዋሊ፤ ኣቦይ ሓንቲ መትከል ኣላቶ፣ ንሳ ከኣ 'ቈልዓ ብንኡሱ፡ ቈርበት ብርሑሱ' ትብል ዘረባ'ያ።

ኣማኻሪ፤ እዛ ምስላ ደኣ፡ ደስ ኣይበለትካን ድያ?

ደዋሊ፤ ወለዲ ኣብ ሕማቕ ክትወድቕ ስለ ዘይደልዩ እንድዮም ዝብሉዋ። ዋላ ምስ ዓበኻ ቈልዓ ዘለኻ እናመሰሎም፡ እንድዩ ደስ ዘይብለካ።

ኣማኻሪ፤ ኣቦኻ ምስኡ ክትዘራረቡ ይፈቕደልኩምዶ?

ደዋሊ፤ ሎሚ ሎሚ ቀሩብ ይሓይሽ። ባባ ካብ ስራሕ ቀልጢፉ ስለ ዝኣቱ፡ ከይነምሲ መታን፡ ንኣና ክከታተል'ዩ ዝብርሆ።

ኣማኻሪ፤ ስለምንታይ'ዩ ክንዲኡ ዝከታተለኩም ኢልካ ትሓስብ?

ደዋሊ፤ "ኣብ እዋንኩም፡ ግዜኹም ኣመሓዲርኩም ገዛኹም ኣቲኹም ንፉዓት ክትኮኑ" እዩ ዝብል። ቈልዑ ከለና ደሓን ነይሩ፣ ሕጂ ምስ ዓበና ግና ብርእሰኻ ክትከይድ ክገድፉኻ ኣሎዎም።

ኣማኻሪ፤ ወላዲ፡ ንውላዶም ከም ትምኒቶም ክኾነሎም፡ ጽቡቕ ዝበሉዎ ከማልኡ ጽዑቕ ክንክን ይገብሩ'ዮም። ደረቱ ምስ ዝሓልፍ ግና ኣብ ርእሰ-ተኣማንነት ናይ ደቆም ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘኸትል፡ ንውሳነታቶም ዝፈታተን ክኸውን ግና ኣይግባእን። ስለዚ ኣብ ኣተኣላልያኦም ቀንዲ ዘሸግረካ እንታይ'ዩ ትብል?

ደዋሊ፤ ንኣብነት፡ ካብተን ወርሓዊ ደሞዘይ 80 ሚእታዊት ኣብ ባንካ ከቐምጥ ስለ ዘገደደኒ፡ ኣብ ገዛና ኣበርክቶ ክገብር ኣይከኣልኩን።

ኣማኻሪ፤ ክትረብሕ ኢሉ ዶ ይኸውን?

ደዋሊ፤ ብዓይኒ ሓልዮት እንድዩ፡ ኣነ ግና ሕጂ ሓላፍነት ዘይተሰከምኩ፡ ኣብ መጻኢ ርእሰ-ተኣማምንነተይ እንታይ ክኸውን'ዩ ዝብል ስክፍታ ኣሎኒ።

ኣማኻሪ፤ ነዚ ሕቶ ዝኾነካ ዘሎ ንምቅላል ዝወሰድካዮ ተበግሶ ይህሉ ዶ?

ደዋሊ፤ ንሳዋ ክኸይድ ከለኹ፡ ምስ ኣዕሩኽተይ ኮይነ ንብረት ገዚአ ነይረ። "እዚ ቀንጠመንጢ ኣብዚ ሕካዮ፡" ብምባል ክንሰማማዕ ስለ ዘይከኣልና፡ ክሳብ ዝዝሕል ምስ ኣዕሩኽተይ ሰለስተ መዓልቲ ተቐሚጠ ነይረ። ኣነ ዝበልኩኹም ግበሩ ትብል መምርሒ እንተ ዘይኮይኑ፡ ንቡር ዕላል ተዘራሪብናሉ ኣይፈልጥን ኢና።

ኣማኻሪ፤ ከም ድሌትካ እንተ ትኸይድ እንታይ መጋጠመ ትብል?

ደዋሊ፤ ወይ ንስኻ፣ ሓደ እዋን እንታይ ገይረ መሰለካ፤ ባባ ንሳልስቲ ብመገሻ ይኸደልካ'ሞ፡ ናይ ስድራቤት ውሳነ ዘድልዮ ሓደ ጉዳይ ስለ ዝነበረ፡ ክፍትኖ ኢለ ብሓላፍነተይ ወሲነ ይጸንሖ። ምስ መጽኣ፡ "ኣነ ዘይብሉ ውሳነ ክትውስኑ ኣይነበረኩምን፡" ኢሉና። ንኣይ ፈልዩ ከኣ "ናትካ ውሳነ ክትወስድ እንተ ደሊኻ፡ ናይ በይንኻ ገዛ ምስ ፈለኻ ኢኻ ኣተግብሮ፡" ብምባል ብቑጥዐ ተዛሪቡኒ። ስለዚ፡ ነብሰይ ክኢለ ተንከስ ንኸይብል፡ "ካልኣይ ግዜ እንተ ፈቲንካ ክዳውንትኻ ጠቕሊልካ ገዛይ ክሓድለይ ምኹንካ ፍለጥ፡" ኢሉኒ ነይሩ።





ኣማኻሪ፤ ምናልባት ከፈራርሓካ ኢሉ ዝገብሮ ዶ ይኸውን?

ደዋሊ፤ ባህርያቱ ስለ ዝፈልጦ፡ ዝበላ ካብ ምግባር ድሕር ዝብል ሰብኣይ ኣይኮነን።

ኣማኻሪ፤ መኣስ ዝፍታሕ ደኣ ይመስለካ?

ደዋሊ፤ ናብራይ ምስ ፈለኹ ጥራይ ዝፍታሕ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ኣማኻሪ፤ ክሳብ ሽዑ፡ እንታይ ተገብርካ ይሓይሽ?

ደዋሊ፤ ኣቐዲመ ከም ዝተናኸፍኩዎ፡ ንሳቶም ዘይረኸቡዎ፡ ንኣና ከየጉደሉ ኣዕብዮምና እንድዮም። እንተኾነ ብርእሰ-ተኣማንነት ክይተኹስኩስካ እንተ ዓቢኻ ግና፡ ሽግር ተጻዊርካ ካልእ ህይወት ክስተማቕር ዘጸግም ኮይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። ደሓር ከኣ፡ ካብ ሕሉፍ ጌጋታተይ ተማሂረ፡ ብኢሂን ምሂን ንጉዳየይ ክፈትሕ ተመኩሮ ህይወት ክፍትን እደሊ'የ።

ኣማኻሪ፤ ምስ ኣደኻ ኸ ትዘራረብዶ?

ደዋሊ፤ ምስ ማማ ንዘራረብ ኢና። ንሳ ከምቲ ናተይ ዝመሳሰል ስክፍታ ስለ ዘሎዋ፡ "ሓቅኻትኩም ኢኹም፣ ዝደለኹሞ ካብ ምግባር ተዓጊትኩም ኣለኹም። ግዳ ኣቦኹም ንዘየስተማቕሮ ህይወት ምህሮን ዓይነት ስራሕን ንኽትበጽሑዎን ኣብ ቀምነገር ክትበጽሑን ኢሉ'ዩ ከምኡ ዝገብር፡" እያ ትብል። እንተ ምስ ባባ ከምቲ ዝበልኩኻ፡ 'ናጽነት ሃበና ድላይና ክንውስን፡' ምባል ዝከኣል ኣይኮነን። ንኽልተና ዘቀራርብ ዕላል እንተ'ሎ ግና ነዕልል ኢና።

ኣማኻሪ፤ እሞ ብዕቱብ ሒዝካ ከይተዘራረብካ ደኣ ዝኸውን ዶ ይመስለካ?

ደዋሊ፤ ተረዲኣካ። ዝሓለፈ ብዘየገድስ፡ ብድፍረት ምስኡ ምዝርራብ ከተድሊ ምኻና ተረዲኡኒ ኣሎ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ገዛኹም፡ ኣባኻ ጥራይ ድዩ ምቍጽጻር ዘሎ?

ደዋሊ፤ ንኹልና'ዩ። ገለ ፍልልይ ግና ኣይሰኣንን'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ክኢላታት ስነ-ሕብረተሰብን ስነ-ልቦናን፡ ንዓይነታት ቅዲ ኣተዓባብያ ወለዲ ኣብ ኣርባዕተ'ዮም ዝመቕሉዎ። ቀዳማይ፡ ገለ ወለዲ ንደቆም ሓሳባቶም እናካፈሉ መጠናዊ ዝኾነ ናጽነት ብምርድዳእ ዝሰርሑ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ካልኣይ ዓይነት፡ ናጽነት ደቆም ብዘይ ምስትብሃልን ሸለልትነትን ዋሕዲ ኣፍልጦን ንሕና ዝበልናኩም ጥራይ ግበሩ፡ ንኣኹም ብዘይ ጕድኣ ምኽንያት ባዕልና ከነማሓድረኩምን ኢና በሃልትን፡ ይዕበ ይንኣስ ውሳኔታት ደቆም ባዕሎም ይውሱኑ። እቶም ሳልሳይ ዓይነት ወለዲ ከኣ፡ ካብቶም ክልተ ኣቐዲሞም ዝጠጠቕሱ ሓዲግ ኮይኖም፡ ንደቆም ብኸፊል እናተኸታተሉ፡ ምሉእ ናጽነትን ክትትልን ዘየካይዱ፡ ሸለልትነታዊ ዝኾነ ኣተዓባብያ ዝኽተሉ'ዮም። እቶም ራብዓይ ዓይነት ወለዲ ኸኣ ዝኾነ ዓይነት ምቍጽጻር ዘየካይዱን ንደቆም ኣበይ ይውዕሉን እንታይ ይሰርሑን ግዲ ዘይብሎምን'ዮም። ስለዚ ወለድና ካብ ሓደኡ ቅዲ ክጥቀሙ ይኽእሉ። ስለዚ ንወላዲኻ ነዚ ኮሉ ዝተገልጸ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ወላዲ ንውሉዱ ክሃሲ ኢሉ ዘይምኹኑን ኣብ ጽቡቕ ክትበጽሓሉ ብምምናይ ይገብሮ ከም ዘሎን ክሳብ ኣብ ትሕቲኡ ዘለኻ ክትርደኣሉ ይግባእ። ስለዚ ኣብተን ዘሰክፋኻ ኣርእስታት ክትዛራረብሉ ግዜ ክውሰድ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ሕጂ'ውን ርእሰ-ተኣማንነትን ንምዕባይ ሎሚ ምብጋስ የድሊ። ምኽንያቱ፡ ጉዕዞ ሽሕ ማይል ብሓንቲ ስጉሚ ስለ ዝጅመር።

ካብ ኣይክእሎን'የ ዝብል ሓሳብ ንምርሓቕ፡ ይኽእሎ'የ እናበልካ ምልምማድ ሓጋዚ'ዩ። ማሕበራዊ ርክባትካ ምምዕባል። ብተወሳኺ እወታዊ ዕላል ካብ ዘዕልሉ ዓርከ-መሓዛ፡ ተመኩሮ ምቕሳም ሓጋዚ'ዩ።

ብምሉእ ልብኻ ወይ ብስምዒት ዘይኮነ፡ ኣረጋጊጽካ ብምሕታት ርእይቶኻ ከተረጋግጽ ምፍታን፣ ስክፍታን ሕፍረትን ብምውጋድ፡ ብቐጥታ ከምዚ እንተ ገበርና ከመይ ይመስለኩም ብምባል ምስ ስድራኻ ፍልልያትኩም ንምጽባብ ክትጽዕር ምሕሳብ፣ ወላዲኻ ካብቶም ንደቆም ብዙሕ ናጽነት ከይሃቡ፡ ባዕለይ ከመሓድር እናበሉ ብቑምነገር ክሃንጹ ህርዲግ ዝብሉ ኣቦታት ክኸውን ዝለዓለ ተኽእሎ ስለ ዘሎዎ፡ ጸገሙ ብምዝርራብ ክፍታሕ ከም ዝከኣል ምዝካር፣ ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ምኩር ኣቦ፡ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ከስርጽ እምበር፡ ባዕሉ ክቍጥበልካ ምፍታን ረብሓኡ ሒደት'ዩ። ከምቲ ቻይናውያን "ዓሳ ካብ ምሃብ፡ ምግፋፍ ዓሳ ምሃር፡" ዝበሉዎ፡ ወለዲ ንደቆም መሰጋገሪ ድንድል ኮይኖም፡ ናብ ዝበለጸ ህይወት ከሰጋግሩ እምበር ነብሲወከፍ ስጉምቲ ንሕና ዝበልናኩም ጥራይ ግበሩ እናበሉ፡ ንደቆም ርእሰ-እምነት ከም ዘይብሎም ጌሮም ከዕብዩ ዝድገፍ ኣይኮነን።

ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ንስብእነትካ ዘንጸባርቑ ንጥፈታት ንምትግባር ተበገስ፤ ክእለትካ ንምርኣይ፡ ካብ ወርሓዊ ደሞዝካ ወጻኢ፡ እቶት ከተኻዕብት ምጽዓር፣ ንምሕደራኡ ብዝምልከት ወኒንካዮ እትርከብ ብቕዓት፡ ብዕላል ዘይኮነ ብግብሪ ከተርእዮ እንተ ፈቲንካ፡ ክኣምኑኻ ይኽእሉ። እቲ ኣብ ልዕሌኻ ኣሕዲሩዎ ዘርከብ ጥርጠራ ቀንጢጡ፡ ብሓድሽ ክብገስን ኣኺሉ'ዩ ዝብል መንፈስ ከስርጽን፡ ሓጋዚ ሓሳብ ክረክብ ይኽእል'ዩ። ንሓጺር ጉዕዞ ሒደት ስንቅን ብዙሕ ተስፋን ከም ዘድልዮ ተረዲእካ፡ ንዘይምርድዳእኩም ብፍኹስ ዝበለ ቃላት፡ ናብ ዓበይቲ ጉዳያት መገዲ ክትከፍት ይከኣል'ዩ። ስለዚ ተሪፉካ ዘሎ ንዝተባህለ ኣወሃሂድካ ናትካ ውሳነ ክትወስድ ንገድፈካ። ብተወሳኺ ሓጋዚ ዝኾነ፡ ጽሑፋት ስነ-ልቦና ምንባብ፡ ንሰብ ሞያ ምውካስን ሓጋዚ'ዩ።

ደዋሊ፤ ተበግሶ ሓዊሰ ንምፍትሑ ክጽዕር'የ። የቐንየለይ፡ ብሩኽ መዓልቲ።

ኣማኻሪ፤ ብሩኽ መዓልቲ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መርየም ሰዒድ መሓመድ፡ ወደይ ነጋሽ መሓመድ ሓገስ ሰልጣን ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ወላዲቱ ምስ 5 ኣሕዋቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሰስቲ ወረ/ፍ ፍትዊ ምሕረትኣብ ጊላይ፡ ወረ/ፍ/ተኸስተ ምሕረትኣብ ተጋ/ ጎይትኦም ተኸስተ ምሕረትኣብ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ፍትዊ ምሕረትኣብ ጊላይ፡ ኣብ መንጎ ከሰስቲን ተኸሰስቲን ጉዳይ ከፀግዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ተኸሳሲት 1.6 ወ/ሮ ሂወት ተኸስተ ምሕረትኣብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ከሰስቲ ወ/ሮ ምልእቱ ኣብርሃ ክፍለማርያም፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ካሕሳይ ኣብርሃ ክፍለማርያም፡ ናይ ወህብቶ ውዕል ምስራዝ ክሲ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ወረ/ፍ ካሕሳይ ኣብርሃ ክፍለማርያም ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ኣብ መንጎ ይ/በዘሊ ኣቶ መሓሪ ወልደማርያምን ወ/መልሲ ወረስቲ ነፍ/ ምሕረትኣብ ገብረእግዚኣብሄርን በ/ቤተየም ወ/ሮ ኣበባ ዕቑባሚካኤል +10 ብዘሎ ናይ ገዝኡ ክርክር፡ ካብ ወ/መልሲ 1.ሚካኤል ምሕረትኣብ ገብረእግዚኣብሄር 2.ሊያ ምሕረትኣብ ገብረእግዚኣብሄር 3.ዳናይት ምሕረትኣብ ገብረእግዚኣብሄር 4.ኢሳቅ ምሕረትኣብ ገብረእግዚኣብሄር 5.ዳኒኤል ምሕረትኣብ ገብረእግዚኣብሄር 6.የርገቤት ምሕረትኣብ ገብረእግዚኣብሄር 7.ገነት ምሕረትኣብ ገብረእግዚኣብሄር ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሰላማ ተስፋሚካኤል ብርሃ፡ ኣደይ ኣበባ ኪዳነ ክፍለ ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዊንታና ተስፋኣለም ዘርኣጋብር ምባል ተሪፉ፡ ዊንታ ተስፋኣለም ዘርኣጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ራህዋ ክብረኣብ ተስፋጊርግሽ ምባል ተሪፉ፡ ራህዋ መብራህቶም ተኪኤ ወልደጊርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ምስጉና ገብረወልዲ ማስመር፡ ኣዴና መኣዛ ሃይለ ዑቕባስላሴ ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተብርሃን ተድላ ተኽለሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ተኪኤ ተኸስተ ሃይሉ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ለተንሩኤል ጊላኡ ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ጎይትኦም ቀለተ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ሰኣለ ኪዳኔ፡ ኣደይ ኣብርሀት ዑቕባብርሄል ሰርጹ ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ገብረሂወት ዑቕባብርሄል ሰርጹ፡ ኣቦና ዑቕባብርሄል ሰርጹ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሕሩይ ይሕደጎ +3፡ ተጸዋዕቲ ብርጭቆ ኣብሩን 2.ኣልማዝ ሰመረ 3.ሕርይቲ ሰመረ 4.ሂወት ሰመረ 5.ፍጹም ሰመረ 6.ኣማኑኤል ገብረክርስቶስ ናይ ወህብቶ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ጺጋ ዓንደ ኣብሩ፡ ብዓል ቤተይ ገብረሂወት መልኣከ ተኽለሃይማኖት ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ገብርኤላ ቆስጠንጢኖስ ተስፋማርያም፡ ኣቦይ ቆስጠንጢኖስ ተስፋማርያም ገብረዝጊን ኣደይ ምልእተ መብራህቱ ባይረን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቢንያም ርእሶም ጺጋይ፡ ብዓልቲ ቤተይ ፍረወይኒ ተስፋይ ገብረኣብ ስለዝዋረረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤስሮም ባህታ ከፀኡ'ውን ኤፍሬም ባህታ ምባል ተሪፉ፡ ሴም ባህታ ተኽለኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ትብርህ ተስፋየሃንስ ሃብተዝጊ፡ ወከል ኣቶ ተስፋየሃንስ ሃብተዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መድሃኔ ወልዳይ ተስፋማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣቶ ፋኑስ ወልደኣምላኽ ተስፋማርያም፡ ኣቦይ ወልደኣምላኽ ተስፋማርያም፡ ኣደይ ሂወት ቀሺ ገብረየሱስን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ኤደን ምናሴ መንግስቱ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ዞሚካኤል ምስጉና ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማኣዛ ኣርኣያ ከስተ ምባል ተሪፉ፡ ሚዛን ኣርኣያ ከስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንገሰ ተኽለ ተስፋይ ወልደጊርጊስ ምባል ተሪፉ፡ ንገሰ ተኽለ ሃብተጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መርሃዊት ተስፋማርያም፡ ሰም ኣደይ ማሀሌት ተስፋሁን ምባል ተሪፉ፡ ገነት ዳኛው ገብረታትዮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ መሸሻ ትኳቡ፡ ኣቦ ደቀይ ገብረንገሰ ዑቕባሚካኤል ሃብተማርያም ስለዝተሰወአ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዮዲት ሰረቐ ፍስሃጽዮን ምባል ተሪፉ፡ ናዝሬት ሰረቐ ፍስሃጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮዳስ ካሕሳይ ዑቕባይ ምባል ተሪፉ፡ ፌቨን ካሕሳይ ዑቕባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮቤል ኣሚን ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ዮናስ ኣሚን ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳሚኤል ፍስሃጽ ከበደ ምባል ተሪፉ፡ ኣቤል ፍስሃጽ ከበደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ዜናዊ መልኣኩ፡ ኣቦይ ቀሺ መልኣከ ተስፋይን ኣዴና እትመት ካሕሳይን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣመልካቲ: ኣቶ ኣርኣያ ብርሃ ተስፋን ተጸዋዒ ሓድሽ ገብረሂወት ካሕሳይን፡ ብዕለት 3/9/2012 ዝበረ ውዕል መሸጣ መኪና ER1- 05658 ቁ ቻሲ UNT 021-435225 ቁ/ሞቶረ 224- 956588 ዝኾነት መኪና ውዕል መሸጣ ገይርና ገዝበ 90,000 ናቕፋ ወሲዱ። እንተኾነ፡ እዚ ተጸዋዒ ናብ ስመይ ክየመሓላልፈለይ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈለጠ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

---

ብስም ታሪኽ ገብረማርያም ካሳ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00043269 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ኣከለጉዛይ ቁ.ገዛ 19 ዝርከብ ናይ መሸጢ ምንጻፍን መጋረጃታትን ትካለይ፡ ንኣቶ ነጋሽ በሽር ኑርሑሴን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና 191-1 ቁ.ገዛ 7 ካብ ዕለት 17/03/2025 ክሳብ ዕለት 16/03/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ታሪኽ ገብረማርያም ካሳ

---

ኣነ ወራሲ ሽፋ መሓመድሰዒድ ሓሰን ባድረግ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 1ፃም/02 ጎደና ኣዝዞ ማቴዝዞ (ሓድሽ ጎደና ሰከይቲ)፣ ቁ/ገዛ 97-109 ሎታ 13 ፓርሰል D ስፍሓት መሬት 177.27 ት/ሜ፡ ብዋዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቁ/ምስክር 118451 መወከሲ ቁጽሪ 121476 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብውርሲ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጸም ምዃንና ንሕብር።

ወከል ሑሴን ሳልም መሓመድ

---

ኣነ ወራሲት ኢትሳም ዓብደላ ሰዒድ ሓሰን ባድሬግ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ኣዝዞ ማቴዝዞ (ሓድሽ ጎደና ሰከይቲ)፣ ቁ/ገዛ 97-107 ሎታ 13 ፓርሰል D ዝርከብ፡ ብዋዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቁ/ምስክር 118450 መወከሲ ቁጽሪ 121483 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ብውርሲ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጸም ምዃንና ንሕብር።

ወከል ሑሴን ሳልም መሓመድ

---

ብስም ሃብቶም ተወልደ ገብረመድህን ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00034495 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ጎደና 131-4 ቁ.ገዛ 10 ዝርከብ ናይ እንዳ ማሰንከቲ ሕብስቲ ትካለይ፡ ንኣቶ ተኽላይ ተስፋማርያም ፈዳይ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ረፈረንደም ቁ.ገዛ -ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሃብቶም ተወልደ ገብረመድህን

---

ወ/ሮ ጽሃይቱ በየነ ሃማርያም፡ ዝተፈቐደለን ናይ ምጥሓንን ምዕሻግን ጨው ንግዳዊ ትካለን፡ "ትውረስ ምጥሓንን ምዕሻግን ጨው" (TWURES SALT GRINDING & PACKING) ተባሂሉ ክጽየመለን ስለ ዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዓዲ ጓዕዳድ ዝርከብ ዋንነተይ ዝኾነ ገዛይ፡ ፕሎት 35 ፓርሰል F ዝርከብ፡ ብቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት 1BRGNF009157 ብዕለት 20/03/2024 ጸዲቑ ዝተዋህበ ኦርጂናል ሰነድ ዋንነት (ሊብሬቶ) ገዛ ምስ ምሉእ ሰነዳቱ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ሰብ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ተሌፎን 07230424 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ኢብራሂም ኑርኣሕመድ ኢማም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኣቶ ሰለሙን ተስፋይ ተከሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዑመር ሱሌማን ዓብዱ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሳሮን መኮንን ኣስፍሃ ኣደይ ኢትዮጵያ ሃብቱ ተድላ ምባል ተረፉ፡ ሰናይት ሃብቱ ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ኣቶ ናሆም መኮንን ኣስፍሃ ኣደይ ኢትዮጵያ ሃብቱ ተድላ ምባል ተረፉ፡ ሰናይት ሃብቱ ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሰስቲ ወረ/ነፍ/ተኸለ ኣብርሃ ተመልሶ +1 ወ/ሮ ሳባ ተኽለን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ተኸለ ኣብርሃ ተመልሶን ነፍ/መድህን ሓደራ +1 ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሻ ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ ቁ. 4. ኣቶ ሃይለ ተኸለ ኣብርሃ 5. ኣቶ ተስፋልደት ተኸለ ኣብርሃ 6. ኣቶ ኣብርሃም ተኸለ ኣብርሃ 7. ኣቶ ቢንያም ተኸለ ኣብርሃ ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/05/25 ክትቀርቡ ንእዝዘ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ጎይትኦም ዘርኣብሩኽ ርማ፡ ኣቦና ዘርኣብሩኽ ርማን ኣዴና ንጓይነይ ንጉሩን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ኣቶ ብርሃ ተኸለ በርሀ፡ ብዓልተ ቤተይ ንግስቲ ገብረማስቀል ዘርእማርያም ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ደቅና ናይ ውርሲ ማሰሉም ስለ ዘጸግዎ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሕርይቲ ሃብተማርያም ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዓል ቤተይ ተስፋስላሴ ተኸለማርያም ተስፋዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ።

ምሕረት ገብረማስቀል ገብረማርያም፡ ወላዲት ኣደይ ምዕራፍ ገብረማስቀል ሰርጹ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ስወእ ተተኪእ፡ 3 ወረስቲ ናይ ኣዴና ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ።

ወ/ሮ መዓሾ ኣብርሃ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ኣርኣያ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ።

ከሳሲ ምሕረትኣብ ጠዓመ፡ ተኸሰስቲ 1. ወረ/ነፍ ተኽለመድህን መጃ 2. ወረ/ነፍ መቕደስ ግርማጸየኑ፣ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ዛህራ መሓመድ፡ ኣደይ ኣሰፋሽ ወልዱ ዘርግሽ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ክልተ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ራሄል ዘርኣይ ኤልያስ ምባል ተሪፉ፡ ራሄል ዘርኣየወሃንስ ኤልያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ልዋም ሳምሶን ጆርጆ ምባል ተሪፉ፡ ትዕግስቲ ጴጥሮስ ትኩቦ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሰስቲ ወ/ሮ ሳባ በርሀ ገብሩ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም በርሀ ገብሩ 2. ወ/ሮ ትዕበ በርሀ ገብሩ፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ//ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/1 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ቅሳነት ወልደትንሳኤ ፍስሃ ምባል ተሪፉ፡ ቅሳነት ወልደትንሳኤ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

መም/ ሙሴ ዑቕባሚካኤል መንግስቱ፡ ወለድና ዑቕባሚካኤል መንግስቱን መብራት ወልዱ ስብሃቱን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ምሕረት ተስፋልደት ክፍለማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሄለን ተስፋልደት ክፍለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ተኽለብርሃን ኣርኣያ ገብረሂወት፡ ኣደይ ገጸህቲ ርኽረጼን ወልደስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ተተኪእ ደቂ ሓብተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ፍናን ተወልደብርሃን፡ ተኸሳሲ ፊልሞን ዘመንፈሱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ደርግኣለም የውሃንስ ሞገስ፡ ኣደይ ታትየስ ዑቕባእዝጊ ስሙረይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰምሪም ተከኤ ነጋሲ፡ ተኸሳሲ ኣሮን የናስ በየነ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣልጋሽ ተ/ሚካኤል ወልደሃላሲ፡ ብዓል ቤተይ ከበደ ኪዳነ ባህታ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰሚይቭሽ ማዝንእ ሃይሉ፡ ኣደይ ደሃብ ወልደገብርኤል ናስር ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ከምኡ'ውን ንፋ/ሄር ኣሰፋው ማዝንእ ሃይለ 5 ተተኪእ ደቂ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

የውሃንስ ተስፋስላሴ ዑቕበ ምባል ተሪፉ፡ የውሃንስ ተስፋስላሴ ዑቕበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ተስፋሂወት ተስፉ ገብረኪዳን ምባል ተሪፉ፡ ተስፋሂወት ተስፋይ ገብረኪዳን ተባሂሉ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓፍን መሓመድዓሊ ኣማን፡ ስም ኣደይ ሰሚራ መሓመኣደም ምባል ተሪፉ፡ ሰሚራ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘቢብ የውሃንስ ገብረኣምላኽ ምባል ተሪፉ፡ የርሳሌም የውሃንስ ገብረኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰረቅ ክንፈ ፍስሃ ምባል ተሪፉ፡ ምሕረትኣብ ክንፈ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ጸርሃ ፍስሃ፡ ተኸሳሲ መብራህቶም ነጋሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ገጸህቲ ገብረመድህን ገብረሚካኤል፡ ወላዲና ገብረመድህን ገብረሚካኤል ተወልደ ስለዝዓረፈ፡ ካብ ኣቦና ዝተወልዱ 1.ብርሃነ ገብረመድህን 2. ነፍ/ተኽለወይኒ ገብረመድህን ንሕና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሉተማርያም ዑቕባሊባኖስ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ደባስ ተስፋማርያም ባሩድ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 8 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ወ/ሮ ዓዳነ ገብረመድህን ጉይትኦም፡ ብዓል ቤተይ ገብረወይኒ ካሕሳይ ወልደሃዋርያት ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ወልዳይ ዘርእዝጊ ሓምድ፡ ኣደይ ዘርእዝጊ ሓምድ ጥፈች ብሂወት እንከላ ብለበዋ ዝገደፈትለይ መኪና ቁ/ሰሌዳ ER-3-06604 ዝበረ፡ ሓድሽ ቁጽሪ ሰሌዳ ER-3-A3587 ዝኾነት፣ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተኽሊት ሃይለ ተስፋሚካኤል፡ ወለድና ሃይለ ተስፋሚካኤል ዘርኣን ጸሃይቱ ዑቕባሚካኤል ገብረመድህንን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ገኑት ዓንደብርሃን ገብረታትዮስ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተማርያም ተስፉ ሃይለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ኣቶ ዓብድራሕማን ሳልሕ ዓተማን ምባል ተሪፉ፡ ዓብደራሕማን ዑሰማን በሪህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ጽገሃና ምባል ተሪፉ፡ ዲቦራ ሃብተሚካኤል ያቆብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ፋጥማ ኣብርሃም ዑመር፡ ሳሊሓ ኣድሪስ ኣብረሂም ምባል ተሪፉ፡ ሳሊሓ ዕወይደ በኪት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰምሃር ኣሰፋው ኪዳነ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ዓወት ኣብርሃለይ ጸጋይ ካብ 2017 ኣትሒዙ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣምና እድሪስ ሙሳ ምባል ተሪፉ፡ ነጃት እድሪስ ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራህዋ ጀማል ዓብደልቃዲ ምባል ተሪፉ፡ ሙኒር ጀማል ዓብደልቃዲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## SPECIAL RESOLUTION

Whereas, pursuant to the inheritance of 75 shares that, W/ro Roshan Beraki Tesfazion received from her late Mother Letensae Teklehaimanot Gufay ,have donated all to Nimrod Woldemicael Fessahazion.

Now therefore, on the ground of the above stated reason, it is hereby resolved that,

1. Ato Nimrod Woldemicael Fessahazion substituting the deceased Letensae Teklehaimanot.
2. It is also resolved that W/ro Roshan Beraki Tesfazion be appointed to continue as manager of My Shop P.L.Co.
3. Arts. 1 and 7 of the memorandum of association shall accordingly be amended.

Certified and true copy, this 24th March 2025

**MY SHOP PRIVATE LIMITED COMPANY**



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ሓቂ ምዝራብ

ሰዓት ሓሙሽተ ድሕሪ ቀትሪ ኮይኑ፡ ድብንብን ዝበለ ኮነታት ኣየር ነበረ።

ሃኒባል፡ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ቈልዓ እዩ። ኣብ ኣፍ-ደገ ገዛኡ ኮይኑ ንበይኑ ይጻወት ነበረ። ኣብ ጸወታ ከሎ፡ ጕረቤቶም፡ ማዕጾ ካንሸሎ ደፊኣ ክትኣቱ ርኣያ። ኣቦኡ ዝነበሮ ኮይኑ ድማ፣

"ማማ፡ ኣደይ ሰናይት ትመጽእ ኣላ፡" ህድእ ኢሉ፡ ነታ ኣብ ውሽጢ ገዛ ኮይና ሰፍኢ እትሰፊ ዝነበረት ኣዲኡ ሓበራ።

ኣደ ሃኒባል፣ "በል'ዚ ወደይ 'ኣዴኻ ኣበይ ኣላ?' ኢላ እንተሓቲታትካ፡ ገይሻ ኣላ በላ፡" ነታ እትሰፍያ ዝነበረት ሰፍኢ ብመስፊ እናወግኣት ተዛረበቶ። ኣብ ስራሕ ስለዝነበረት ነደይ ሰናይት ክትረኽባ ኣይደለየትን። ግዜኣ ኣብ ዕላል ክጠፍእ ድልየታ ኣይነበረን፡ ዕላል እንተጀሚረን ብቐሊሉ ከምዘይፈላልያ ተረዲኡዋ ነበረ። ነታ ትሰፍያ ዝነበረት ስፊ ኣብ ሓጺር ግዜ ክትውድኣ ስለዝደለየት፡ ብዘይካ ኣብ በዓላት ኣብ ናይ ስራሕ ግዜ፡ ዝጠፍእ ግዜ ኣይነበራን።



"ሕራይ ማማ፡ ገይሻ ኣላ ክብላ እየ፡" ቀስ ኢሉ መለሰላ። ከምቲ ምስ ኣዲኡ ዝተረዳድኦ ክብል ከኣ ድሉው ኮነ።

ኣደይ ሰናይት፡ ናብቲ ገዛ እናሰጐመት ብምእታው ኣብ ቅድሚ ሃኒባል ቀመት። ነቲ ሃኒባል ሒዚዎ ዝነበረ መጻወቲ እናርኣየት ድማ፣

"ሃኒባል ወደይ ከመይ ውዒልካ?" ሓተተት ነቲ ኣብ ኣፍንጭኡ ዝነበረ ንፋጥ እናጠመተት። ኣብ ኣፍንጫ ሃኒባል ዝቐጸ ንፋጥ ነበረ።

"መስገን፡" መለሰ ንኣደይ ሰናይት እናጠመተ።

"እንታይ ድኣ ትገብር ኣለኻ?" ኣደይ ሰናይት፡ ከተዛርቦ ብምባል ሓተተቶ።

"እጻወት፡" ንኣደይ ሰናይት ቀሊሕ ኢሉ ብምርኣይ ናብ መጻወቲኡ ኣተኮረ።

"እንታይ ድኣ በይንኻ ትጻወት? መጻወቲ የብልካን ድዩ?" ሕጂ'ውን ኣደይ ሰናይት ሓተተት።

ኣደ ሃኒባል፡ ኣብ ውሽጢ ገዛ ኮይና ናይ ክልቲኦም ዘርርብ ትሰምዕ ነበረት። ነውዳ ብዘተዛረቦቶ ሕርክርኽ ክብላ ጀመረ። ከይትሰማዕ ብምባል ምስፋይ ኣቋሪጻ እዝና ጸልያ ትሰምዕ ነበረት።

"የለዉን። ኣሕዋተይ ገዲፎምኒ ኰዕሶ እግሪ ክጻወቱ ከይዶም። በይነይ እየ ዘለኹ፡" ሓንቲ ኣብ ባይታ ዝነበረት መጻወቲት ማኪና እናንቀሳቐሰ መለሰላ። ይሕሱ ብምንባሩ ስክፍታ ፈጢሩላ ነበረ።

"እምበኣር ገዲፎምኻ ከይዶም? ክንደይ ድኣ ክጮኽኩ እየም፡" ኣደይ ሰናይት ክምስ በለት።

"እወ ገዲፎምኒ ከይዶም፡ ንእሽቶ ስለዝኾንኩ ኣብ ገዛ ተጻወት ኢሎሙኒ፡" መለሰ ኣብ ጸወታኡ እናደሃበ። ኣደይ ሰናይት፡ ቀልጢፋ ናብ ገዛኣ ክትምለስ ተሃንጠየ።

"ደሓን ምስ ዓቢኻ ከም ድላይካ ክትጻወት ኢኻ። ሃኒባል ወደይ፡ ማማ ደኣ የላን ድያ?" ሓተተት ደጊማ ነቲ ኣብ ባይታ ዛሕ ኢሉ ዝነበረ መጻወቲ፣ ማኪና፣ ጎማታት፣ ስባር ሰዓት፣ ስባር ሞባይል፡ ... ኣተኩራ እናጠመተት።

ኣደ ሃኒባል፡ ወዳ እንታይ ኢሉ ከምዝምልስ ክትሰምዕ ሕጂ'ውን እዝና ጸለወት። ካብ ምሕር ስክፍታ ኣተነፋፍሳኣ ህዱእ ነበረ። ከየፈድሓ ከኣ ሰግኣት፣ ፈጺማ ኣይቀሰነትን።

"ማማ ደኣ የላን፡ በይነይ'የ ዘለኹ፡" ይሕሱ ከምዝነበረ ከይፍለጥ ደኒኑ ተዛረበ። ይሕሱ ብምንባሩ፡ ኣደይ ሰናይት ከይትፈልጦ ፈርሀ።

ኣደ ሃኒባል፡ ሓወሲ ብውሽጣ፡ "ኣሰይ እዚ ወደይ! ክንደይ'ከ ይነፍዕ እዩ። ኮርዒዳ ቈልዓ ወሊደ፡" ንወዳ ነኣደት።

"ናበይ ድኣ ከይዳ?" ኣደይ ሰናይት ሕቶኣ ቀጸለት። 'የላን' ምስ በላ ናብ ገዛኣ ክትምለስ ሓንቲ ስጕሚ ንድሕሪ ሰጕመት።

"ገይሻ፡" ሃኒባል፡ ኣዒንቱ ካብ መጻወቲኡ ናብ ኣደይ ሰናይት ኣበለን።

ኣደ ሃኒባል፣ 'ኣሰይ እዚ ወደይ ሃብሮም! ጅግና ቈልዓ ወሊደ። ጕራሕን በሊሕን ቈልዓ እዩ' ሕጂ'ውን ብመልሲ ውሉዳ ተሓጉሳ ብውሽጣ ወደሰቶ።

"ዋይ! ናበይ ድኣ ገይሻ ወደይ?" ንድሕሪት ገጻ ሰጕመት።

"እንድዒ!" ተገረሙ ገጹ ኣሰረ። ጽንሕ ኢሉ፡ "ናበይ ከምዝገሸትዶ ክሓተልኪ፡" ብምባል ገጹ ናብ ውሽጢ ገዛ ብምግባር፡ "ማማ ሓብተይ! ናበይ ኢኺ ገይሽኪ ዘለኺ?" ነዲኡ ዓው ኢሉ ሓተታ።

"ዋይ! ኣብ ገዛ ከላ ድያ 'ገይሽ' በላ ኢላትካ፣ ዋይ ሰናይት ዘይረኸቦ ዘይብለይ፡" ኣደይ ሰናይት ኮረየት።

ኣደ ሃኒባል፡ ብግርህና ወዳ ተገሪማ ርእሳ ሐዛ ሰቕ በለት። ክትዛረብ ኣይከኣለትን። ኣዒንታ ኣፍጢጣ ቀዘዘት።

ሃኒባል፡ ከይተረደኦ ብዘተዛረቦ ሰንበደ። ኣዒንቱ ኣፍጢጡ፣ ታሕተዋይ ከንፈሩ ነኸሰ።

ኣደይ ሰናይት፡ ኮርያ ናብ ገዛኣ ከደት፣ ከይተረደኣ ድማ ማዕጾ ካንሸሎ 'ገም' ኣበለቶ።

ኣደ ሃኒባል፡ "ኣንታ ምዕንድሉ! ከምዚ ይበሃል ድዩ?" ኣብ ውሽጢ ገዛ ኮይና ብሕድሪ ተዛረበቶ።

ሃኒባል፣ "ማማ እሞ ናበይ ከምገሽኪ ዘይነገርክኒ፡ እንታይ ደኣ ክብላ? ካልኣይ ምሽ 'ሓሶት ነውሪ እዩ' እናበልኪ ትምዕድና ኢኺ። ሓሶት ጽቡቕ ድዩ? ኣንቲ ማማ ምሕሳው ከቢዱኒ ጸኒሑ፡" ነዲኡ ብሕቶታት ኣዋጠራ።

"ሓቅኻ'ዚ ወደይ፡ ኣነ'የ ተጋግየ። ከምዚ ክብለካ ኣይነበረንን። ሰኣን ምስትብሃል ዝገበርኩዎ'ዩ። ድሕሪ ሕጂ ከምዚ ኣይደግምን'የ። ካብዛ ናይ ሎሚ ጌጋይ ዓቢ ትምህርቲ ቀሲመ ኣለኹ። ጽቡቕ ገበርካ እዚ ወደይ! ንኣይ ትምህርቲ'ዩ፡ ብቐደሙ ንቈልዓ ሓሶት መኣስ ይንገር ኮይኑ?" ጌጋኣ ኣመነት። ብዘገበረቶ ኸኣ ሓፈረት። ነዛ ፍጻመ ብኸመይ ከምእትዕርያ ትሓስብ ነበረት።

ሃኒባል፡ ክምስ ብምባል ጸወታኡ ቀጸለ፡ ቡቲ ኮነታት ዝተገረመ ይመስል።

* * *

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ካብዛ ዛንታ እንታይ ተማሂርኩም? ሃኒባል ዝገበሮ ቅኑዕዶ ትብሉ? ኣደ ሃኒባል ዝበለቶኸ? ኣደ ሃኒባል ድሕሪ'ዚ እንታይ ክትገብር ኣለዋ? ምኽሪ ሃቡዋ።

## ቅነ ቀጽሪ

## "ምኹስኳስ ኤርትራዊ ሸውሃት ኣብ ቀጽሪ"

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ካብ ዕለት 6-9 ሚያዝያ 2025 ቅነ ቀጽሪ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብ'ቲ፡ "ምኹስኳስ ኤርትራዊ ሸውሃት ኣብ ቀጽሪ" ብዝብል ቴማ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝተኻየደ መደብ፡ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ተመሃሮ ተሳቲፎም ነይሮም። ኣብቲ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ዓይነ-ስዉራንን ጽሙማንን እውን ኣካል እቲ መደብ ነይሮም። ንሕና ድማ ነቲ መደብ ንምዕዛብ ተሳቲፍና ነይርና። ንሎሚ ምስ ተመሃሮ ዝገበርናዮ ዕላል ይስዕብ።

### ምስ ገዛእ ርእስኻ ከተላልየና?

ስመይ ኖህ ተስፋስላሴ መንግስተኣብ እበሃል። ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ሰምበል ሓሙሻይ ክፍሊ እመሃር።

### እንታይ ሒዝኩም ኢኹም ቀሪብኩም ዘለኹም?

ቤት ትምህርትና ንቐጽሪ ብዝቐለለ ኣገባብ ብመልክዕ ጸወታን ከምኡውን ኣብ ገዛና ብእንረኽቦም ነገራት፡ ምድማር፡ ዓድታት፡ ምጉዳል፡ ግድል ምፍታሕ... ከመይ ገይርና ብዝቐለለ ኣገባብ ንሰርሕ ሒዝና መጺእና ኣለና።

### ተመሃሮ ካብዚ ዘዳለኹሞ እንታይ ቀሲሞም ትብል?

ዝበዝሑ ዝበጽሑና ተመሃሮ፡ እናተዘናግዑ ወይ እናተጻወቱ እዮም ንቐጽሪ ከምዝሰርሕዎ ኣርኢናዮም። ተሰፋ ንገብር ሓደስቲ ሜላታት ቀሲሞም ክኾኑ።

### ንኣኻ ከም ተመሃራይ እንታይ ጠቒሙካ?

እዚ መደብ ንኣይ ርእሱ-ተኣማንነት ኣሕዲሩለይ። ተወሳኺ ድማ ምስ ብዙሓት ኣላልዩኒ፣ ኣብ ቀጽሪ ዝነበረኒ ዓቕሚ ድማ ኣሐዩሉለይ።

### ቀጽሪ ከመይ ትገልጾ?



ቀጽሪ ከምቲ እንዝረብሉ ከቢድ ኣይኮነን። ግዜ ሂብካ እንተሰሪሕካ ኣዝዩ ቀሊል እዩ።

*****

### ምስ ገዛእ ርእስኺ ከተላልይና?

ስመይ ሃሴት ዳዊት ኪዳን እበሃል። ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣማኑኤል፡ ተመሃሪት ሻዱሻይ ክፍሊ እየ።

### እንታይ ሒዝኩም ኢኹም ቀሪብኩም ዘለኹም?

ተመሃሮ፡ ኣጥላስ ተጠቒሞም ከመይ ገይሮም ንቐጽሪ ብዝቐለለ ኣገባብ ይሰርሑ ዘርኢ መደብ ሒዝና ኢና ቀሪብና ዘለና። ኣጥላስ ድማ ኣብ ቀጽሪ ኣዝዩ ሓጋዚ ስለዝኾነ ኩሉ ተመሃራይ ክጥቀመሉ እላቡ።

### ተመሃሮ ካብዚ ዘዳለኹሞ እንታይ ቀሲሞም ትብሊ?

ኣገባብ ኣጠቓቕማ ኣጥላስ ብዝግባእ መሊኾም ንብል። መምርሒ ዝሓዘ ጽሑፍ'ውን ንህቦም ስለዝነበርና፡ ኣብ ገዝኦም ከይዶም ክሰርሑሉ ተስፋ ንገብር። ኣጥላስ ድማ ከም ኣቕሑ ገዛ ኣብ ቤትና ክንሕዞ ከዘናኽር እደሊ።

### ንኣኺ ከም ተመሃሪት እንታይ ጠቒሙኪ?

ምስ ብዙሓት ሰባት ኣላልዩኒ። ዝነበረኒ ዓቕሚ ንኽፍትሽ ድማ ሓጊዙኒ። ሓሳበይ ንኽገልጽ ድማ ዓቢ ባይታ ረኺበ።

### ንቐጽሪ ከመይ ትገልጽዮ?

ቀጽሪ መቐረት ህይወት እዩ። ብዘይ ቀጽሪ ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና። ቀጽሪ እንተዘይነሪፍካ



ድማ ኣብ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ንኽትተፍዕ ይሸግረካ እዩ። ስለዚ፡ ቀጽሪ መፍትሒ እያ።

*****

### ምስ ገዛእ ርእስኺ ከተላልይና?

ስመይ ሉልያ ደበሳይ ግርማይ እበሃል። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት ተመሃሪት 11 ክፍሊ እየ።

### እንታይ ሒዝኩም ኢኹም ቀሪብኩም ዘለኹም?

ኣብዚ ኣቕሪብናዮ ዘለና፡ ንቐጽሪ ዝሕግዙ ቀለልቲ መደባት ኢና ሒዝና ቀሪብና ዘለና። ካብኡዎም ሒዝናዮም መጺእና ዘለና ጸወታታት፡ ቢንጎ፡ ሩብክስ ኩብ፡ ዓውደ ኣዋርሕ፡ ቸዝ....እዮም። እዞም ኣቕሪብናዮም ዘለና ንኣእምሮና ብኸመይ መገዲ ተብልሖ ዝሕግዙ እዮም። እዚ ድማ ኣብ ቤት ትምህርትና ናይ ቀጽሪ ክለብ ስለዘለና ኣዝዩ ጠቒሙና እዩ።

### ተመሃሮ ካብዚ ዘዳለኹሞ እንታይ ቀሲሞም ትብሊ?

ብዙሓት ተመሃሮ ክሓቱና ቀንዮም። ንሕና ድማ ደስ ኢሉና መሊስናሎም። ተመሃሮ ኣዝዮም ሓተትቲ ምኻኖም ድማ ክፈልጥ ክኢለ ኣለኹ። ካብዚ ዘቕረብናዮ መደብ ድማ ንኣእምሮኦም ዘማዕብል ተማሂሮም እብል።

### ንኣኺ ከም ተመሃሪት እንታይ ጠቒሙኪ?

ኣብዚን ዝሕለፍኩወን ኣርባዕተ መዓልታት ርእሱ-ተኣማንነተይ ዓብዩ፡ ዝነበረኒ ዓቕሚ ሓዪሉ፡ ምስ ብዙሓት ተመሃሮ ንኽላለ ድማ ሓጊዙኒ። ከምዚ ዓይነት መደብ ሓጋዚ ስለዝኾነ ንኽቕጽል ክላቦ እደሊ። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ናይ ቀጽሪ ክለብ ክምስረቱ ከዘናኽር እፈቱ። ኣብ ቤት ትምህርትና ዘላ ክለብ ኣዝያ ሓጊዛትና እያ።

### ቀጽሪ ከመይ ትገልጽዮ?

ቀጽሪ ኩሉ እዩ። ብዘይ ቀጽሪ ክሰራሕ ዝኽእል ዋላ ሓደ የለን። ስለዚ ቀጽሪ ኣደ ኩሉ ትምህርቲ እያ ዝብል እምነት ኣለኒ። ቀጽሪ ድማ ከም እንግምቶ ኣይኮነትን። ቀጽሪ ዝፍቅራ ተፍቅሮ እያ። ስለዚ፡ ተመሃሮ ምስ ቀጽሪ ፍቕሪ ክሕዙ እላቡ።



ሪፖርታዥ

# “ባህላዊ ዕብየትና፡ ቀንዴል ምዕባለና”

## ሃገራዊ ዓውደ ዘተ ባህላዊ ውርሻ

ብኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ዝተወደበ ሃገራዊ ዓውደ ዘተ ባህላዊ ውርሻ፡ “ባህላዊ ዕብየትና፡ ቀንዴል ምዕባለና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 11 ክሳብ 13 ሚያዝያ፡ ኣብ ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ተኻዪዱ። እዚ ዓውደ ዘተ፡ ኣፍልጦ ኣብ ዕቃብ ባህላዊ ወርሻታት ዝሃቡ መሻርኽቲ ኣካላትን ሕብረተሰብን ንምዕዛዝ ዝዓለመ እዩ።
እቲ ዓውደ ዘተ፡ ብ11 ሚያዝያ ንግሆ ኣብ ኣዳራሽ ብሌን ኮማ ዝተኸፍተ ኮይኑ፣ ወከልቲ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ትካላትን ማሕበራትን፡ ኣባላት ሰራዊት፡ ክኢላታት ባህልን ኣባላት ሕብረተሰብን ዝተሳተፍዎ'ዩ ነይሩ።
እቲ ናይ መኽፈቲ ስነ ስርዓት፡ ንባህላዊ ወርሻታት ብዙሕ ዓይነት ዝበልጽ ስልማታትን



ምርኢታትን ዝሓዘ እዩ ነይሩ። ኣቦ መንበር ኢጋጥሚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድሰዒድ ማንታይ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኸለ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጌዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም ከምኡ ድማ ሱልጣን ረሓይታ ዓብዱልቓድር ዳውድን ካልኦት ሓለፍትን ዝተረኽቡሉ'ዩ ነይሩ።
ኣቦ መንበር ኢጋጥሚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድሰዒድ ማንታይ፡ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቱ ድሕሪ ምሕላፉ፡ እቲ ዓውደ ዘተ ባህላዊ ወርሻ፡ ኣብዚ ሃብታም ባህልን ስልጣነን ዘውንን ዓቢዩ ዝቐጸለን ዞባ ይካየድ ምህላዉ ኣገዳሲ ይገብሮ ኢሉ፡ ባህላዊ ወርሻና፡ ወጽኢት ሕሉፍናን ትርጉም ህላወናን ብምዃኑ ምኽባሩን ምምዕባሉን ይጸንሓልይ ዘይብሉ ዕዮ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።
ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ብወገና፡ እዚ ሃገራዊ ዓውደ ዘተ ኣብ ምዕባይ ስርሓት ምዕቃብ ባህላዊ ወርሻ ልዑል ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኣብቲ ዞባ ይካየድ ምህላዉ ልዑል ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ገሊጻ፡ ኑቶም እዚ ዓውደ ዘተ ዕውት ንምግባር ዝሰርሑ ብምምስጋን ከኣ፡ ወሁድ ጻዕርታት ንምዕባይ ሓጊዚ ከም ዝኾነ ዘለዋ እምነት ገሊጻ።
ካብዚ ሰዒቡ ያታዊት ጉጅለ ባህሊ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ብዙሕ ዓይነት፡ ንትንቢት፡ ናብ ኩናት ምብጋስን ካብ ኩናት ምምላስን፡ ኣብ እዋን መርዓን ሓገሰን፡ ኣብ እዋን ምጥሓንን ካልእ ኢጋጥሚታትን ዝድረፉ ደርፍታት ዝሓቖፈ ባህላዊ ምርኢት ኣቕሪባ።
ካብኡ ብምቕጻል፡ ብቐጥታ ናብ ምቕራብ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲታት እዩ ሰጊሩ። ኣቶ ኢብራሂም ኑር፡ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብዛዕባ ዝርከቡ ኣካላውን ረቛሕትን ባህላዊ ወርሻታት ብስፍሓት ዝድህስስ መጽናዕታዊ ወረቐት ብምቕራብዮ ፈለምዎ።
ንሱ፡ እቲ ዞባ ብዘለዎ ኣቀማምጣን ዘለዎ ጸጋታትን ከምኡ'ውን ከም ኣካል ዓቢ ስንጭሮ ምብራቕ ኣፍሪቃን፡ ብዙሕ ባህርያውን ባህላውን ወርሻታት ከም ዘውንን ገሊጹ። እቲ ዞባ፡ ምትእስሳርን ዝምድናታትን ዝተፈላለዩ ጥንታዊ ስልጣኔታት ደቂቡ እዚ ከባቢን ካብን ናብን ሰገርቲ ቀይሕ ባሕርን ዝበሩ ዝነበሩ ዝኽበርቐሉ፣ ኣሰራት ስነ ህይወታውያን ዝነበርቕ ህያው ምስክር ባህላዊ ወርሻታት ምዃኑ ኣብሪሁ። ካብ ጥንቲ ዝጀመረ ማሕበረቁጠባዊ ምትሕውዋስን ባህላዊ ምውስሳብን ሕብረተሰብ፡ ኣብ ሓድግታት ታሪኻዊ ኣሰራት፡ ኣብ ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት ክርስትናን ምስልምናን ናይዚ ከባቢ ዓቢ ግደ ከም ዝነበሮ ኣብሪሁ።
እዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ሰዒቡ፡ ንኣመሰራርታን ኣመዓብባን ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ዝበልጽ መጽናዕታዊ ጽሑፍ እዩ ቀሪቡ። ኣቕራቢ ናይ'ቲ ጽሑፍ ኣካያዲ ስራሕ ፋብሪካ ስራሓት ጨው ሳሊና ጨንፈር ዓሰብ፡ ኢንጅነር መሴ በላይ እዩ። ንሱ ንጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣን ህሉው ምሕደራዊ ኣቃውማን እታ ከተማ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንታሪኽ ኣመሰራርታ እታ ከተማ ዝበልጽ ዝርዝራዊ መግለጺታት ኣቕሪቡ። መንግስቲ ጣልያን ንዓሰብን ከባቢኣን ንምውናንን ንምምሕዳርን ዝተኸተሎ ኣገባብ ብምብራህ፡ ምስ መሻይኽ ኣንካላን ሱልጣን ረሓይታን ዝተኻየዱ ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ውዕላት ብዝርዝር ኣብሪሁ። ብዘይካ'ዚ፡ እታ ከተማ ዝሓለፈቶም ዝተፈላለዩ መድረኻትን ዝሃዘቦሉ ባህላዊ ወርሻታትን ዘርኢ መግለጺታት ሂቡ።
ንሱ ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይ መጽናዕቱ፡ ኣብ ዓሰብ ንዝርከብ ዓበይቲ ትካላት፡ ድሕሪ ባይታኣዊ ዘለዎኦ ደረጃን ዘበርሀ ሓበሬታ ኣካፊሉ።
ካብኡ ቀጺሉ፡ ካብ ጨንፈር ስነ ጥንታዊ ምርምር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ዶክተር ጸጋይ መድሃን ንሓፈሻዊ ትሕዝቶ ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻ ኤርትራ ዝበልጽ መጽናዕታዊ ወረቐት ኣቕሪቡ።
ዶ/ር ጸጋይ ኣብ ኣስተምህሮኡ፡ ንትርጉምን ኣገዳስነትን ባህላዊ ወርሻ፡ ዘውንኖ ጸጋታት፡ ባህላዊ፡ ታሪኻዊ፡ መንፈሳዊን ሳይንሳዊን ክብርታት፡ ቀዋሚን ተንቀሳቓስን ምድባት ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻታት ብዝርዝር ገሊጹ። ኣሰዒቡ፡ ኣብ ኤርትራ ካብ ቅድሚ 27 ሚልዮን ዓመታት ካብ ወሸመጥ ዓረብ ዝነገሙ ዓበይቲ መጥባወቲ ዝበልጽ ኣሰራት ኣትሒዙ፡ ክሳብ ቀረባ እዋናት ዘሎ ስልጣነታት ዝበልጽ ዝተፈላለዩ ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻታት ኤርትራ ብዝርዝር ንተሳተፍቲ ኣቕሪቡ።



ኣብ ናይ ድሕሪ ቀትሪ እብረ ናይ'ቲ ዓውደ ዘተ፡ ምስ ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻ ዝተኣሳሰር ሰለስተ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ፡ ብኣባላት ጨንፈር ምርምር ስነ ጥንቲ ቀሪቦም።
ዶክተር ኣብርሃም ዘርኣይ፡ ንምሕደራ ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻ ኤርትራ ኣብ ዝበልጽ መጽናዕታዊ ጽሑፉ፡ ምሕደራ ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻ፡ ወሃደን ኣሳታፍን ስርዓት ምልላይ፡ ምዝገባ፡ ሰነድ ምትርጓም፡ ክትትል፡ ዕቀባ፡ ሓለዋ፡ ጸወንን ዕቑራን ዝንቀሳቐሱን ዘይንቀሳቐሱን ጭቡጣት ዘማእከሉ ማስርሕ እዩ ኢሉ። ዝተፈላለዩ ኣምራትን ኣተሓሳስባታትን ሓዚሉ ብመጻኢ ኣድማዒ ኣመለኻኽታ፡ ውዕላትን ቻርተራትን ከምኡ'ውን ውድዓዊ ኩነታት ሃገራት ከም ዝትግበር ኣረዲኡ።
ኣብ መደምደምታ ድማ፡ ኣብ ምድላው ውጥን ዕቃብ ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻ ክትግበር ዝግብኦ ሞያዊ ማስርሓት ኣቕሪቡ።
ሰዒቡ መጽናዕታዊ ጽሑፉ ዘቕረበት፡ ኣባል ጨንፈር ስነ ጥንታዊ ምርምር መንእሰይ ሶልያና መብራህቶም እያ። ንሳ ኣብ መጽናዕታዊ ጽሑፉ፡ ንኣመዓብባ ዓውዲ ስነ ጥንቲ፡ ኣገዳስነት ስነ ጥንታዊ ምርምር፡ ኣገባብ መጽናዕቲ፡ ውጥን ምርምር መጽናዕቲ ብዝርዝር ኣቕሪባ። ንሳ ብዘወሃሃኸ፡ ንኣገባብ ዳህሳስ ኩዕታ፡ ቅጥዒታት መጽናዕቲን ካልእ ተዛማዲ ኣርእስቲታትን ምስ ህሉው ንጥፈታት ምርምር ስነ ጥንቲ ብምትእስሳር ኣቕሪባ።
ምስ ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻ ተኣሳሲሩ ዘቕረበ ናይ መወዳእታ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ታሪኽ ዝምታን ዕንወትን ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻ ኣብ ኤርትራ ዝብል ኣርእስቲ ኮይኑ፡ ብመንእሰይ ሚሮን ተኸመ ዝቐረበ እዩ ነይሩ። ንሱ ኣብ ኣስተምህሮኡ፡ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብሸነኽ መግዛእቲን ዘይሕጋዊ ንግድን ከቢድ ተጽእኖታት ሪስያ ቅርሲታት ከም ዝተራእያ፡ ኣብ ልዕሊ ምዕባለ ዓውዲ ስነ ጥንቲ ኣፍሪቃ ከቢድ ዕንወት ከም ዘኸተለን ገሊጹ። እዚ ድማ፡ ብዘይሞያውያን ዝተገብረ ስነ ፍልጠታዊ ኣገባብ ዘይሓዘ ተግባራት ኩዕታን ሪስያ ሃብትን ምዃኑ ኣረዲኡ።
ኤርትራ በዚ ጸገም'ዚ ብኸቢድ ካብ ዝተሃስያ ሃገራት ኣፍሪቃ እያ ዝበለ ሚሮን፡ ታሪኽ ዘይሕጋዊ ምግዓዝ ቅርስታት ካብ ኤርትራ ኣብ ብሪጣንያዊ ወፍሪ ናብ ኢትዮጵያ (1867-1868)፡ ወፍሪ ሸወይንፉርዝ ሾርርር (1894)፡ ወፍሪ ዩኒቨርሲቲ ፕሪንስቶን ናብ ኢትዮጵያ (1905)፡ ወፍሪ ዳች - ኣኽሱም (1906)፡ ኢጣልያዊ መግዛእቲ (1890-1941)፡ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ (1941-1952) ከምኡ'ውን መግዛእቲ ኢትዮጵያ (1952-1991) ከም ዝተፈጸመ ኣረዲኡ።
እቲ ዓውደ ዘተ ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይ ካልኣይ መዓልቱ፡ ንኣምር፡ ትሕዝቶን ረቛሕ ባህላዊ ወርሻ፡ ኣፋዊ ያታ፡ ኣፋዊ ደርፍታት፡ ያታዊ ደከና ኣብዩቲ ብዙራትና ዝበልጽ ኣርባዕተ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ብኣባላት ጨንፈር መጽናዕቲ ረቛሕ ባህላዊ ወርሻ ክፍሊ ባህሊ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣቕሪቡ።
ኣቶ ሞሃድ ሰሊማን ንትርጉም ረቛሕ ባህላዊ ወርሻ፡ መዳያት ባህላዊ ወርሻ፡ ዘውንንዎ ክብርታት፡ ኣገዳስነትን ንምዕቃም ዝግበር ዘሎ ጻዕርታትን ዝምልከት መብርሂ ኣቕሪቡ። ረቛሕ ባህላዊ ወርሻ፡ ንኣፋዊ ያታታት፡ ቋንቋን ገለጻታትን፡ ምርኢታዊ ጥበባት፡ ጥበባት ምስራሕ ንዋታትን መበቆላዊ ፍልጠታት ብዛዕባ ኣድማስን ዝሓቑፍ ከም ዝኾነ፡ ኣዘዩ ሰፊሕን ዓሚቕን ኣምር ምዃኑን ኣረዲኡ።
ሰዒቡ መጽናዕታዊ ጽሑፉ ዘቕረበ፡ ኣቶ መሓመድ ሰዒድ ዐስማን ኮይኑ፡ ንኣፋዊ ያታታት ብሄራት ኤርትራ ብሰፊሕ ዝዳህሰሰ እዩ ነይሩ።
ንሱ ሰዒቡ ወረቐት ዘቕረበ ኣቶ መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዋል) ኮይኑ፡ ያታዊ ደርፍታት ብሄራት ኤርትራ ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘ እዩ ነይሩ። ንሱ ከም መእተዊ ንትርጉምን ምድባትን ያታዊ ደርፍታት፡ ኣብ



ሕብረተሰብ ዝጀነሐ ትሑት ርድኢት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ንያታዊ ደርፍታት ዝወሃቡ ዝነበሩ መግለጺታት ገሊጹ።
ኩሉን ብሄራትና ንሓድሕዶም ምኽባርን፡ ሓብራዊ ሃገራዊ ዕላማ ዘርኽ ያታዊ ደርፍታት ከም ዘውንና፡ በዚ ኸኣ ኣብ ቃልሲ ናጽነትን ምውሓስ ልኣላውነትን ማዕረ ኣጸዋር ከም ዝተቓለሱ፡ ኣብ ምድማቕ ሃገራውን ሃይማኖታውን በዓላት ቀንዲ ትሕዝቶታት ምዃኖም፡ ብዓብኡ ኸኣ ዜናን ልሳንን ሕብረተሰብና ምንባሮምን ምህላዎምን ኣረዲኡ።
እዚ መግለጺታት፡ ብዝተፈላለዩ ኣበነታት ኣሰዩ ድሕሪ ምቕራብ ከኣ፡ ኣብ ያታዊ ደርፍታት ብዛዕባ ዝግበር ዘሎ መጽናዕቲታት መብርሂ ሂቡ።
ንደከና ኣብዩቲ ብሄራትና ዝበልጽ መጽናዕታዊ ወረቐት ዘቕረበ ኣቶ ዳውድ ኣደም ኣብሸሽ ብወገኑ፡ ኣብ ብሄራትና ክዘውተሩ ዝጀነሑ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣብዩቲ ድሕሪ ምዝርዛር፡ ንህንጻት ናይ'ዞም ኣብዩቲ ዝጸልዉ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ከም ክሊማ፡ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣን ካልእን ከምኡ ድማ ሕብረተሰብና ዘለዎ ፍልጠት ኣብ ማስርሕ ህንጻት፡ ርድኢት ኣቃውማን ተፈጥሮን ዘርዚሩ።
ኣብ ዝቐጸለ ናይ ካልኣይ መዓልቲ ናይ ድሕሪ ቀትሪ እብረን፡ ናይ ሳልሳይ መዓልቲ ናይ ቅድሚ ቀትሪ እብረን፡ ንዕቃብ ባህላዊ ወርሻን ቤተ መዘክርን ከምኡ ከኣ ምትሕሓዝ ዓውዲ ስነ መሬትን ስነ ጥንቲን ዝበልጹ፡ ሓሙሽተ ወረቓቕቲ'የም ቀሪቦም።
ዋና ዳይረክተር ሃገራዊ ቤተ መዘክር ዶክተር የሴፍ ልብሰቃል ኣብ ዘቕረቦ፡ ተሳትፎ ኮም ኣብ ምሕደራን መደባት ምዕቃብን፡ ተሳትፎ ኮም ኣገዳሲ ክፋል ዕቃብ ወርሻዊ ጸጋታት ከም ዝኾነ ኣረዲኡ። በዚ መዳይ፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ተሳትፎ ኮም፡ ዕውት ስራሕ ከም ዝተሰርሐ ገሊጹ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ዕቃብ ባህላዊ ወርሻታት ቀጻሊ ምስ ኮማት እሂን ምሂን ኣብ ምብህራል፡ ተሳተፍቶም ኣብ ምሕደራ ኣብ ምዕባይ፡ ህዝቢ ዝተተፈሉ ዓውደ መጽናዕቲ ኣብ ምድላው፡ ኣብ ምዕዛዝ ስምዒት ዋንነት ኣብ ባህላዊ ወርሻታት፡ ወፍሪ ኣብ ትምህርትን ንቕሓትን፡ ኣብ ምልላይ ክኢላታት፡ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ወጽኢት መጽናዕቲ ምስ መፍትሒኡ ኣብ ምትሕልላፍ፡ ኣገዳሲ ስራሕ ከም ዝተሰርሐ ገሊጹ።
ንሱ ሰዒቡ፡ ምስ ሕብረተሰብ ብምትሕብባር፡ ኣብ ምልላይ ጥንታዊ ኣሰራት ህይወትን ምክንኻንን ምዕቃብን ባህላዊ ወርሻታትን ዝተገብሩ ዕዉታት ተመክሮታት ኣቕሪቡ።
ቀጺሉ መጽናዕታዊ ጽሑፉ ዘቕረበ ኣቶ ሃይለ በርሀ፡ ንታሪኻዊ ኣመዓብባ ቤተ መዘክር ብምትንታን፡ ንኣቃውማን ኣመራርጻን ኣብ ቤተ መዘክር ዝኣተዉ ባህላዊ ወርሻታት ብዝምልከት መብርሂ ሂቡ። ኣብዚ ዘመን ዝተፈላለየ ኣገዳስነትን ኣተኩሮን ዘለዎም ዝተፈላለዩ ኣብያተ መዘክር ከም ዝርከቡ፡ በዚ ከኣ ሕሉፍ ታሪኽን ባህልን ናይ ሓደ ህዝቢ ዘንጸባርቑ ኣዘዮም ክቡራት ቅርሲታት ዝረኣየሉን ዝዕቀበሉን፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ምርምራዊ መጽናዕቲ ዝተደለየሉም ዓበይቲ ትካላት ምዃኖም ኣረዲኡ።
ገለ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ዝበሎም ዝውቱራት ኣብያተ መዘክር - ቤተ መዘክር ስነ ጥበብ፡ ማሕበራዊ ስነ ሰብ፡ ታሪኻዊ ቤተ መዘክር፡ ባህርያዊ ቤተ መዘክር፡ ቤተ መዘክር ሳይንስን ቴክኖሎጂን፡ ቤተ መዘክር ቅድመ ታሪኽን ስነ ኣሰር ህይወትን፡ ስነ ጥንታዊ ቤተ መዘክር፡ ወተሃደራዊ ቤተ መዘክር ከም ዝኾኑ ገሊጹ።
መንእሰይ ሰምከፍለም ደሞ፡ ማሳረታውያን ኣምራት ምርኢት ኣብ ኣብያተ መዘክር ብዝብል ኣርእስቲ፡ መጽናዕታዊ ወረቐት ከቕርብ እንከሎ፡ ኣብያተ መዘክር ዘለወን ዕላማታት፡ ንዝርግሐ ቅርሲታትን ኣገባብ ኣቀራርባን ዝሓዘ ጥበብ ምርኢት፡ ዓይነታት ምርኢት፡ ኣዋድዳ ዝርግሐ ቅርሲታት፡ ኣገባብ ምርኢት፡ ማሳረታውያን ኣምራት ዲዛይን ዝብል ዝርዝራዊ መግለጺ ኣቕሪቡ።
ስነ ባህሊ፡ ማስርሕ ምእካብን ምትንታንን ባህላዊ ቅርሲታት፡ ዝብል መጽናዕታዊ ጽሑፍ ዘቕረበ ኣባል ቤተ መዘክር ኤርትራ ኣቶ የናስ ወረደ፡ ባህላዊ ወርሻታት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ምጽናዕን ምዕቃብን ክግበሩ ዘለዎም ቅድመ ተኸተላት ምስ ግብራዊ ተመክሮ ኣሰንዩ ኣቕሪቡ።
ናይ መወዳእታ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ብኤርሚያስ የሃንስ ክቐርብ እንከሎ፡ ጽሑፍ ኣምር ስነመሬት ኣብ ምፍታሕ ስነ ጥንታዊ ግድል ዝብል እዩ። እዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ዓውዲ ስነ ምድሪ ተጠቒምካ ናይ ስነ ጥንቲ ግድላት ኣብ ምፍታሕ ዝጠቅሙ ዓውዲ ጂኦ ኣርከኦሎጂ ኣብዚ መዳይ ዝጥቀመሉ ኣገባባት ዘብርህ'ዩ ነይሩ።
ብጠቕላላ ኣብ ሰለስተ መዓልቲ 15 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቦም። ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ዓውደ ዘተ ድማ ምስ ኹሲ ወከፍ ኣርእስቲ፡ ሕቶታቶም፡ ተመክሮታቶምን ለበዋታቶምን ብምቕራብ ነቲ ዘተ ኣህቢቲሞሞ እዮም።
ድሕሪ ምዛዙም ናይቲ ዓውደዘተ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንከልያ ናብ እትርከብ ረሓይታ ዑደት ብምክያድ እዩ ቀጺሉ። ረሓይታ፡ ንኣማኢት ዓመታት ባህላዊ ስልጣነን ምስ'ቲ ስልጣነ ዝተሓሓዘ ቅርሲታትን ወግዒታትን ተዓቂባላ ዘሎ እያ። ሱልጣን ረሓይታ ዓብዱልቓድር ዳውድ ንጹሕቲ ብባህላዊ ምርኢት ዝተሰነየ ናይ ክብሪ ኣቀባብላ ኣካይዱ። ንታሪኽን ስፍሓትን እቲ ስልጣነ ዝምልከት ሓጺር መግለጺ'ውን ሂቡ።
ኣቦ መንበር ኢጋጥሚ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኸለን ሱልጣን ረሓይታ ዓብዱልቓድርን ብቐጻሊ ኣብ ዕቃብ ባህላዊ ወርሻታት ክስራሕ ዘለዎ ዕማማት ድሕሪ ምዝርራብ፡ ህያባት ተለዋዊጦም።
ዑደተኛታት፡ ኣብ ረሓይታ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝርከብ ጥንታዊ መጥሓኒ ተዓዚቦምን ናብ ራስ ዱሜራ ምብጻሕ ኣካይዶምን።
ኣብ ሆቴል ራስ ገበ ኣብ ዝተኻየደ ብባህላዊ ማሰናድኦታት ዝደመቐ መዛዘሚ መደብ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኸለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዝተኻየደ ዓውደ ዘተ ኣብ ምዕቃብ ባህላዊ ወርሻታት ንዝቐጽል ንጥፈታት መንጠሪ ባይታ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ናብ ኩሉ ዞባታትና ክብጽሕን ግብራዊ ስራሓት ክድርኽን ከም ዝስራሕ ገሊጹ።
ንሱ ኣብ መወዳእታ፡ እዚ ዓውደ ዘተ ዕውት ክኸውን ንዝጸዓሩ ኮሚቴታት፡ ክኢላታትን ምምሕዳር እቲ ዞባን ምስጋንኡ ገሊጹ።

**ዘርእሰናይ ግንደብርሃን**
**ኮ/ባህልን ስፖርትን ኤርትራ**

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ተጻወትቲ ምምላኽ ዝሰኣንዎ ስታድዩም

ኣብርሃም የውሃንስ

ኣብ 2013 ለያኒል ማሲ ኣብ ማእከል ሜዳ ከምልስ ክረአ እንከሎ፡ ወዲ ጋንታኡ ዲ ማርያ ድማ ናይ ኦክስጅን ማስክ ክሓትት ተራእዩ፡፡ ኣብ 2017 ድማ ብምሉኦም ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ድሕሪ ጸወታ ናይ ኦክስጅን ማስክ ክጥቀሙ ተገዲዶም፡፡ ኣብ 2025 ኣብቲ ኡራጋይን ቦሊቭያን ማዕረ ዝወጽኣሉ ግጥም ጆስ ማርያ ጂመንዝ ኦክስጅን ሓቲቱ፡፡

እዚ ንተጻወትቲ ዓቕሎም ዘጽብብሎም ሜዳ ካብ እግሪ ኣበይ ዝርከብ ይመስለኩም? ኣብ ቦሊቭያ ዝርከብ ስታድዩም ሀርናንዶ ሲለስ ወይ ድማ ኢስታዲኦ ኣለምፒኮ ላ ፓዝ ዝበሃል እዩ፡፡

እዚ ስታድዩም ብ16 ጥሪ 1930 ብወግዒ ኣብ ቦሊቭያ ተኸፊቱ፡፡ ኣብዚ ስታድዩም ብዙሕ ታሪኻዊ ፍጻመ ክእንገድ ክኢሉ እዩ፡፡ እቲ ዘይርሳዕ ክስተት፡ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ኣብ መጻረዪ ዋንጫ ዓለም 1994፡ ድሕሪ ኣርብዓ ዓመት 2-0 ብቦሊቭያ ዝተሳዕረትሉ ኣጋጣሚ ሓደ'ዩ፡፡ ከምኡ'ውን ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ኣብ ውሽጢ 60 ዓመት ዝኸፍአ ስዕረት ዝተሰከመትሉ ሜዳ'ዩ፡፡ ኣብዚ ኣጋጣሚ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ብ1 ሚያዝያ 2009 ብቦሊቭያ 6-1 ተሳዒራ፡፡

ስታድዩም ኢስታዲኦ ሀርናንዶ ሲለስ፡ ብስም እቲ ንቦሊቭያ ካብ 1920 ክሳዕ 1930 ዝመርሓ ፕረዚደንት ዝጸዋዕ ስታድዩም እዩ፡፡ እዚ ስታድዩም 41 ሽሕን 143 ሰባት ክሕዝ ዝኽእል ኮይኑ፡ 3634 ሜትሮ ብራኸ ኣሎዎ፡፡ በዚ ኸኣ ኣብ ዓለም እቲ ዝበረኸ ፕሮፈሽናል ስታድዩም ኮይኑ ተመዝጊቡ ይርከብ፡፡ እዚ ስታድዩም ኣብ ላዕለዋይ ሊግ ናይታ ሃገር ዝጻወታ ሰለስተ ጋንታታት፡ መጻወቲ ሜድኣን እዩ፡፡



ፊፋ ነዚ ስታድዩም ክሳዕ 2007 ከም ወግዓዊ መጻወቲ ሜዳ ተቐቢልዎ ነይሩ፡፡ ይኹን እምበር ኣብዚ ሜዳ መጺኦን ዝጻወታ ሃገራውያን ጋንታታት፡ ኣብዚ በሪኽ ሜዳ መጺእና ክንጻወት፡ ንሃገራዊት ጋንታ ቦሊቭያ ፍትሓዊ ዘይኮነ ኣማራጺ ዝፈጥረልና'ዩ ብምባል ናብ ፊፋ ክሲ ኣቕሪበን፡፡ ፊፋ ድማ ኣብ 27 መጋቢት 2007 ኣብ 2500 ሜትሮ ልዕሊ ጸፍሒ ባሕሪ ዝርከብ ሜዳ፡ ዝኾነ ኣህጉራዊ ግጥሚ ከይእንገድ ከልኪልዎ፡፡ ፕረሲደንት ቦሊቭያ ኢቮ ሞራለስ ሓዊስካ ዲያን ማራዶና ዝርከቦም ፍሉጣት ሰባት፡ እዚ ኣብ ልዑል ብራኸ ንዝርከብ ናይ ላቲን ኣመሪካ ብፍላይ ድማ ኣብ ጎቦ ኣንደስ ዘሎዋ ሃገራት ዘዋስን እዩ ብምባል ቅሬታኦም ኣቕረቡ፡፡ ፊፋ ድማ ነቲ ኣውጺእዎ ዝነበረ ኣዋጅ 27 ሰነ 2007 ካብ 2500 ሜትሮ ናብ 3000 ሜትሮ ክብ ከብሎ እንከሎ ናይ ቦሊቭያ ሜዳ ብፍሉይ ከም ዝፍቀዶ ገይሩ፡፡

ኣብዚ ሜዳ መጺኣ እትጻወት ጋንታ ንብራኸ መሊኻ ዓወታ ክተረጋግጽ ዳርጋ ዘይሕሰብ'ዩ፡፡ ሃገራዊት ጋንታ ቦሊቭያ ኣብ 2006፡ 2010፡ 2014፡ 2018 መጻረዪ ዋንጫ ዓለም ኣብ ዘካየደቶ ግጥም፡ ኣብ ሜዳኣ 14 ግዜ ክትሰዓት እንከላ ኣብ 10 ግጥም ከኣ ማዕረ ወጺኣ፡፡

ኣብ 2017 ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ንዋንጫ ዓለም 2018 ንምስታፍ ኣብ ትገብሮ ዝነበረት መጻረዪ ግጥም፡ ነይማር፡ ተጻወትቲ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ናይ ኦክስጅን ማስክ ገይሮም ከለዉ ዘርኢ ስእሊ 'ፖስት' ብምግባር፡ "ኣብዚ ከምዚ ኩነታት ምጽዋት 'ኢሰብኣዊ' እዩ" ብምባል ሓሳቡ ኣስፊሩ፡፡ ስታድዩም ኢስታዲኦ ሀርናንዶ ሰለስ ክሳዕ ሕጂ ንቦሊቭያ ዕርዲ ብምዃን ንተጻወትቲ ካልእ ጋንታ ሕማም ርእሲ ኮይኑዎም ይርከብ፡፡

## ኣርሰናልን ቶተንሃምን፡ ካብ ለንደን ወጻኢ ...


ኣርሰናልን ቶተንሃምን ንዓመት ስፖርት 2025-26 መዳለዊ ዝኾነን ናይ ክረምቲ ጸወታ ኣብ ሆንግኮንግ ከካይዳ ምዃነን ገሊጸን፡ በዚ ድማ፡ እቲ ናይ ሰሜን ለንደን ደርቢ ጸወታ ንመጀመርታ ግዜ ካብ እንግሊዝ ወጻኢ ክካየድ እዩ፡፡

እዚ ኣብ መንጎ ኣርሰናልን ቶተንሃምን ዝካየድ ጸወታ፡ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ናይ ደርቢ ግጥማት ክኸውን ትጽቢት ኣሎ፡፡ ኣብዚ ዘሎናዮ ወቕቲ ስፖርት፡ ናይ ኣርቴታ ኣርሰናል ኣብ ክልተ እግሪ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ዓወት ከተመዝግብ ከላ፡ ዝመጽእ ወቕቲ ስፖርት ቅድሚ ምጅማሩ 31 ሓምለ ኣብ ሆንግኮንግ ክራኸባ እየን፡፡

ክልተአን ክለባት ነዚ ጸወታ ኣመልኪተን ኣብ ዘውጽኣ መግለጺ፡ ኣካል ናይ ሆንግኮንግ ፈስቲቫል ኮይኑ እግሪ ንምዃን ጸወታአን ኣብ 'ኪያ ታክ' ዝተባህለ ቦታ ከካይዳ ምዃነን ሓቢረን፡፡

እዚ ጸወታ፡ ኣብቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኸፍተ 50 ሽሕ ተዓዘብቲ ዝሕዝ ስታድዩም ክካየድ'ዩ፡፡ እዚ ስታድዩም ከኣ ካብ እንግሊዝ ወጻኢ ናይ ፈለማ ጸወታ ደርቢ ሰሜን ለንደን ዘእንግድ ሜዳ ክኸውን'ዩ፡፡

ሪቻርድ ጋርሊክ ዝተባህለ ኣመሓዳሪ ኣርሰናል፡ "ኣብ ኣርሰናል ዘሎና ኩልና ናብ ሆንግኮንግ ክንከይድ ተሃንጢና ኣሎና፡፡ ናብቲ ቦታ፡ ድሕሪ 13 ዓመት ንምልስ ብምህላውና ኣብቲ ዞባ ምስ ዘሎዉ ኣድናቖቲናን ደገፍትናን ብኣካል ክንራኸብ ዕድል ዝፈጥረልና'ዩ" ኢሉ፡፡ ኣርሰናል ኣብ 2012 ናብ ሆንግኮንግ በጺሓ ነይራ እያ፡፡ ቶተንሃም ግን ኣብ 2024 ናብ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ዑደት ገይራ ብምንባራ ምስ ኣብ ኤስያ ዘለዉ ደገፍታ ክትራኸብ ጸኒሓ'ያ፡፡




ኣብ ፈስቲቫል ኩዕሶ እግሪ ሆንግኮንግ፡ ሊቨርፑል'ውን 26 ሓምለ ምስ ኤሲሚላን ጸወታ ብምኻያድ ክትሳተፍ እያ፡፡ ማንቸስተር ዩናይትድ ብወገና ንመዳለዊ ዝኾና ክልተ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ኣብ ሆንግኮንግን ማሌዢያን ከተካይድ ምዃና ክትሕብር እንከላ፡ ብርክት ዝበላ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ኣብ ክረምቲ ዝገብርኦ ናይ ምሕዝነት ጸወታአን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ከምዝካየዳ ይሕብራ፡፡ ቸልሲን ማንቸስተር ሲቲን ግን ኣብቲ 15 ሰነ ዝጅምር ዋንጫ ክለባት ዓለም ክሳተፋ ብምዃነን ናይ ክረምቲ መዳለዊ ጸወታ ኣበይ ከም ዘካይዳ ዛጊት ኣይወሰናን ዘለዋ፡፡

## "ሃቨርተዝ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ካብ መሰበርቲ ክምለስ ተኽእሎ ኣሎ!" ኣርቴታ

ጀርመናዊ ኣጥቃዓይ ክለብ ኣርሰናል ካይ ሃቨርተዝ፡ ድሕሪ ዝወረዶ ናይ ጭዋዳ ማህሰይቲ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡



ብቕልጡፍ ከም ዝምለስ ኣሰልጣኒ ክለብ ኣርሰናል ሚኬል ኣርቴታ ሓቢሩ፡፡

እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ግጥማት ናይዚ ወቕቲ ጥራይ ንጋንታኡ 15 ሸቶታት ከመዝግበላ ክኢሉ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ዝሓለፈ ለካቲት ኣብ ዱባይ ልምምድ እናኣካየደ ብዘጋጠሞ ናይ ጭዋዳ ማህሰይቲ፡ መጥባሕቲ ክገብር ተገዲዱ፡፡ በዚ ድማ፡ ካብ 12 ጸወታታት በጺሑ፡፡ ንልዕሊ ክልተ ወርሒ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ከምዝጸንሐ ድማ ይፍለጥ፡፡ ሃቨርተዝ ናብ ኣርሰናል ምምላሱ ዓቢ ዜና እዩ፡፡ ኑቲ ጋንታኡ 29 ሚያዝያ ምስ ፒኤስጂ ዝጸበያ ዘሎ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ቀዳማይ እግሪ ሻምፕዮንስ ሊግ ድማ ክርከበሉ ትጽቢት ይግበረሉ፡፡

ንኩነታት ምስላፍ ሃቨርተዝ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣመልኪቱ ኣርቴታ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "እዛ ጸወታ ክትቅልጥፎ ትኽእል እያ! ግን ምስ ዘለዎ ሞራልን ዘርእዮ ዘሎ ምንቅስቓሳትን፡ ኩነታቱ ናብ ንቡር ከም እተመልሰ'ዩ ዘርኢ፡፡ ንዘለዎ ኒሕ ተኣማሚኒ ክርከብ ይኽእል'ዩ ዝብል ግምት ኣሎኒ" ኢሉ፡፡

ንኩነታት ደገፍቱ ኣብ ግምት ዘእተወ ሃቨርተዝ፡ ኣብ ማሕበራዊ ገጹ ኑቲ ኣብ ጂምናዝዩም ዘካይዶ ሓያል ንጥፈታት ብምርኣይ ተስፋ ይህብ ከምዝሎ ይንገር፡፡

ኣርሰናል ብመስበርቲ ተጻወትቲ ክትሳቐ እያ ጸኒሓ፡ እዚ ዜና'ዚ ድማ ተስፋ ዝህብ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ብመስበርትን ማህሰይትን ዝተኣልዩ ተጻወትታ ናብ ማስመርያ ክምለሱ ይረኣዩ ኣለዉ፡፡

ብተወሳኺ ኣርሰናል፡ ካብ ዝነኣ ይሃጥር ከምዝሎ ተሓቢሩ፡፡ ብመሰረት እታ ብደገፍቲ ኣርሰናል ትመሓደር መደበር ቲቪ (AFTV)፡ እታ ጋንታ ክሳብ እዚ ፍርቂ ፍጻመ ቻምፕዮንስ ሊግ በጺሓቶ ዘላ ጥራይ 117 ሚልዮን ኤሮ ካብቲ ውድድር ኣታዊ ረኺባ ኣላ፡፡



## መደብ ጸወታ

**ቀዳም**

ፕሪመር ሊግ

ብረንትፎርድ - ብራይተን 5:00 ድ.ቀ.

ዌስትሃም - ሳውዝሃምፕተን 5:00 ድ.ቀ.

ኤቨርተን - ማንሲቲ 5:00 ድ.ቀ.

ክሪስታል ፓላስ - ቦርንማውዝ 5:00 ድ.ቀ.

ኣስቶን ቪላ - ኒውካስል 7:30 ድ.ቀ.

ላ ሊጋ

ባርሰሎና - ሰልታ ቪጎ 5:15 ድ. ቀ.

ኣትለቲኮ ማድሪድ - ላስ ፓልማስ 10:00 ድ.ቀ.

ኣርሰናል - ኢፕስዊች ታውን 4:00 ድ.ቀ.

ማንዩናይትድ - ዎልቭስ 4:00 ድ.ቀ.

ፋልሃም - ቸልሲ 4:00 ድ.ቀ.

ሌስተር ሲቲ - ሊቨርፑል 6:30 ድ.ቀ.

## ደገፍቲ ኤቨርተን መበል 100 መዓልቲ ኣሰልጣኒ ክለቦም ይጽንብሉ

ስኮትላንዳዊ ኣሰልጣኒ ክለብ ኤቨርተን ዴቪድ ሞየስ፡ ናብታ ክለብ ካብ ዝጽንበር መበል 100 መዓልቱ ዝገበረሉ ዕለት ብደገፍቲ ኤቨርተን



ተጸንቢሉ፡፡

ኣሰልጣኒ ኤቨርተን ደቪድ ሞየስ ምስ ተጻወትቱ ናብ ስታድዩም ጉዲሳን ፓርክ ኣብ ዝኣተወሉ ህሞት፡ "ዴቪ ሞየስ" ዝብል ጽሑፍ ከምኡ'ውን ናይ ንእሰነትን ናይ ሕጂን ስእሉ ዝሓዘ ኣሸሓት ደገፍቲ'ታ ጋንታ፡ ኑቲ ኣሰልጣኒ ከተባብዑ ተሰሚዖም፡፡

እዚ ወዲ 61 ዓመት ተጻዋታይ ነበር፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ንኤቨርተን ከሰልጥን ከምእተሓርየ ይፍለጥ፡፡ ነዛ ስግኣት ምውራድ ኣንጸላልዩዋ ዘላ ክለቡ ድማ ብዙሕ ጻዕሪ ይገብረላ ከምዘሎ'ዩ ዝሕበር፡፡ ንሱ ካብ ዝሓዛ እታ ጋንታ ምምሕያሽ ተርኢ ምህላዋ ድማ ይጥቀስ፡፡ ኣብዚ ናይ 12 ሊግ ጸወታታት፡ ምስ ኣስቶን ቪላ ዘካየደቶ ጸወታ ጥራይ ድማ ስዕረት ኣጋጢሙዋ፡፡

እዛ ኣብ ሰሌዳ ፕሪመርሊግ መበል 13 ተቐሚጣ ዘላ ክለቡ፡ ናብ ዳሕረዋይ ምድብ ንኸይትምለስ ጻዕሪ ክትገብር ከምዘድልያ እዩ ዝንገር፡፡ ኤቨርተን ካብተን ቅድመኣ ዝርከባ ክለባት፡ ክሪስታል ፓላስ (መበል 12)ን ብረንትፎርድ (መበል 11)ን ናይ ሓሙሽተ ነጥቢ ፍልልይ እዩ ዘለዋ፡፡



# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ቻይና፡ ንኣመሪካ ተሓሲማ፡ ካብ ካናዳ ነዳዲ ክትሽምት ጀሚራ



ቻይና፡ ከም መቐጸልታ እቲ ምስ ዋሺንግተን እተካይዶ ዘላ ንግዳዊ ኲናት፡ ኑቲ ካብ ኣመሪካ ክትሽምቶ ዘጸንሐት ዘይተጻረየ ነዳዲ ብኸፊል ብምጕዳል፡ ኣዝዩ ልዑል መጠን ነዳዲ ካብ ካናዳ ተእቱ ምህላዋ፡ ማዕከን ዜና ‘ብሉምበርግ’ ዝሓለፈ ረቡዕ ሓቢሩ።

ቻይና፡ ኣብ ልዕሊ’ቶም ካብ ኣመሪካ ናብ ዕዳጋታታ ኣብ ዝኣትዉ ንግዳዊ ምህርትታት ተወሳኺ ቀረጽ ከም ዘይትወስኑ ሕነ ንምፍዳይ ግን ካልእ ሜላታት ክትጥቀም ከም እትመርጽ እያ ክትሕብር ጸኒሓ።

ከም መቐጸልታ ናይዚ ከኣ ቻይና ኑቲ ካብ ኣመሪካ ክትሽምቶ ዘጸንሐት ልዑል መጠን ዘይተጻረየ ነዳዲ ብጠቕላላ 90% ከም ዘጕደለቶ፡ እቲ ማዕከን ዜና ወሲኹ ገሊጹ።

ቻይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ካብ ካናዳ ዝሸመተቶ መጠን ዘይተጻረየ ነዳዲ ናብ 7.3 ሚልዮን በርሚል ክፀቢ ከሎ፡ ኣብዚ ወርሒ እዚ እውን ከኣ እቲ መጠን መሊሱ ክወስኽ ትጽቢት ኣሎ።

ካናዳ፡ ዘይተጻረየ ነዳዲ ንምጽራይ ይኸውን ናብ ሃገራት ኤሽያ ንምልኣኽ፡ ኣብ ኣመሪካ እያ ክትምርኮስ ጸኒሓ።

ይኹን’ምበር፡ መስርሕ ህንጻት ዘይተጻረየ ነዳዲ ናብ ገማግም ባሕሪ ፓስፊክ ካናዳ ዝጐዓዝ ‘ትራንስ ማውንተይን’ ዝተሰምየ ሻምብቆ ነዳዲ ዝሓለፈ ዓመት ብምዝዛሙ፡ ብዘሐ ዘለዎ ነዳዲ ብቐጥታ ናብ ሃገራት ኤሽያ ክትሰድድ ኣኽኢልዋ ከም ዘሎ ይሕበር።


ፌደረሽን ሩሲያ፡ ዝዓበየት ኣቕራቢት ዘይተጻረየ ነዳዲ ቻይና ኮይና፡ ስዑዲ-ዓረብ ከኣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትስራዕ።

## ሩስያን ቀጠርን፡ ናይ 2 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ ከካይዳ ተሰማሚዐን

ፌደረሽን ሩስያን ቀጠርን ቁጠባዊ ዝምድናኦን ንምጥንኻርን ክልተኣዊ ምትሕብባረን ንምዕባይን ዝዓለመ ናይ 2 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ ከካይዳ ዘኽእለን ስምምዕ ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ሞስኮ ኣብ መጎጎ ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ኣሚር ቀጠር ሸኽ ታሚም ቢን ሓማድ ኣልሳኒን ድሕሪ ዝተኻየደ ዝርርብ እዩ ተኸቲሙ።

ብመሰረት እቲ ስምምዕ ሸርክታተን ንምስፋሕ፡ ገለ ክፋል ገንዘብ ልኡላዊ ሃብቲ ክልቲአን ሃገራት፡ ኣብ ወፍሪ ቴክኖሎጂ፡ ክንክን ጥዕና፡ ዕደና፡ ከምኡ’ውን ኣብ ካልኦት ሓበራዊ ረብሓታት ዘለዎም ጽላታት ክውዕል እዩ።



ማዕከን ገንዘብ ቀጥታዊ ወፍሪ ሩስያን (RDIF) ብዓል-መዚ ወፍሪ ቀጠርን ኣፍሲ-ወከፎም ዝ.ተሰማምዕምሉ ዘለዉ ሓድሽ ሸርክነት ዝውዕል ሓደ ቢልዮን ዶላር ከበርክቱ ምዃኖም ተሓቢሩ ኣሎ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ማዕከን ገንዘብ ቀጥታዊ ወፍሪ ሩስያ - ኪረል ዲሚትሪየቭ፡ እዚ ሓድሽ ሸርክነት፡ ንኩባንያታት ሩስያ ኣብ ዕዳጋታት ማእከላይ ምብራቕ ዕድላት ዘፈጥርን ንግዳዊ ትካላት ቀጠር ከኣ ናብ ዕዳጋታት ሩስያ ንክኣትዉ ዝድግፍን ምዃኑ ኣረዲኡ።

ሩስያን ቀጠርን ብዘይካዚ፡ ኣብ መዳይ ፋይናንስ፡ ክንክን ጥዕናን ስፖርትን’ውን ናይ ምርድዳእ መዝክር ተፈራሪመን ከም ዘለዋ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ሩስያ፡ ንጣሊባን ካብ ዝርዝር ኣሸበርቲ ኣውጺኣቶ

ዝሓለፈ ሓሙስ፡ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ሩሲያ፡ ንጣሊባን ካብ ዝርዝር ኣሸበርቲ ብምውጻእ፡ ኑቲ እቲ እስላማዊ ጕጅለ ኣብታ ሃገር ዘካይዶ ንጥፈታት ሕጋዊ ኣፍልጦ ከም ዝሃቦ ተሓቢሩ።

እቲ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ኣፍጋኒስታን ስልጣን ዝሓዘ እስላማዊ ምንቅስቓስ፡ ካብ 2003 ጀሚሩ ኣብ ዝርዝር’ቶም ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ሩሲያ ‘ኣሸበርቲ’ ዝበሎም ሓይልታት ብምስፋሩ፡ ምስ ኣባላት እቲ ጕጅለ ዝኾነ ርክብ ምምስራት ገበን ኮይኑ እዩ ጸኒሑ።

እቲ ስጉምቲ፡ ድሕሪ’ቲ ሰበስልጣን ፌደረሽን ሩሲያ ኣብ ጉዳይ ምርግጋእ ኣፍጋኒስታን ኣመልኪቶም ምስ ጣሊባን ዘካየድዎ ዝርርብ እዩ ተወሲዱ።

ሓይልታት ኣመሪካን ኔቶን ኣብ ኣፍጋኒስታን ን20 ዓመታት ጸኒሖም ድሕሪ ምውጻኦም፡ ጣሊባን ኣብ ኑሓሰ 2021 ናብ ስልጣን ከም ዝተመልሰ ይሕበር።

ካብ ሽዑ እዋን ጀሚሩ ከኣ፡ ሞስኮ ምስ ሰበስልጣን ጣሊባን ዳሞማይ ዲፕሎማስያዊ ርክባት ከም ዝጀመረት ምንጭታት ይጠቕሱ።

መንግስቲ ጣሊባን፡ ብማሕበረሰብ ዓለም ወግዓዊ ኣፍልጦ’ኳ እንተ ዘይተዋህቦ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ግን ሓያሎ ሃገራት ማእከላይ ኤሽያ ምስ ካቡል ዝጸንሐን ርክባት ከም ዘሐደሳ ይፍለጥ።

ኣብ 2024፡ ካዛኪስታንን ኪርጊስታንን ንጣሊባን ካብ ዝርዝር ኣሸበርቲ ከኣልየኦ ከለዋ፡ ቱርክመኒስታን ድማ ብፕሮጀክት ሻምብቆ ጋዝ ‘ታፒ’ ኣቢላ ምስታ ኣህጉር ዳሞማይ ትተሓባበር ምህላዋ ይንገር።

ብተወሳኺ፡ ኡዝበኪስታን እውን ምስ ካቡል ሓያሎ ሓበራዊ ስምምዓት ከቲማ ምህላዋ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ወኪል ቃል ጣሊባን - መሓመድ ሱሃይል ሻሂን ንመራኸቢ ብዙሓን ሩሲያ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ጣሊባን ኑቲ ብፌደረሽን ሩሲያ ዝተወሰደ ስጉምቲ ብሓጎስ ከም ዝተቐበሎ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ ጕጅለ ተነቢሩ ዝጸንሐ እገዳ ክልቲኤን ሃገራት ንኽይተሓባበራ ዓጊቱወን ምጸንሑ ገሊጹ።

እቲ ብላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ሩሲያ ዝተወሰደ ውሳኔ ንመንግስቲ ጣሊባን ወግዓዊ ኣፍልጦ ዝሀብ ዘይኮነ፡ ኣብ መንጎ ፌደረሽን ሩሲያን ጣሊባንን ዲፕሎማሲያዊ ምትሕብባር ንኽህሉ ዝዓለመ ምዃኑ፡ ክኢላታት የጸንዑ።



## የመን - ኣመሪካ ኣብ መደበር ነዳዲ መጥቃዕቲ ኣካዪዳ

ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ወደብ ራስ ዒሳ - የመን ኣብ ዝርከብ መኽዘናትን ሻምብቆታትን ነዳዲ ብዘካየደቶ ደብዳብ ነፈርቲ፡ ብውሕዱ 58 ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ ብርክት ዝበሉ ሰራሕተኛታት ናይ’ቲ ወደብ ዝርከብዎም ካልኦት 126 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ምስ ሑቲ 70 ሚእታዊት ንግዳዊ ምህርትታትን 80 ሚእታዊት ሰብኣዊ ሓገዛትን ዘእንግድ ወደብ ኮይኑ፡ እንተላይ ማስመራት ሻምብቆ ነዳዲ ዘለዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ ትሕተ-ቅርጺ ናይ የመን ምዃኑ ይግለጽ።

ብኣራን ከም ዝደገፍ ዝነገረሉ ሑቲ፡ ድሕሪ ምጅማር ኲናት እስራኤልን ቓዛን፡



ምትእስሳር ዘለወን ማዕከናት ዜና’ታ ሃገር ሓቢረን።

ማእከላይ እዚ ኣመሪካ ኣብ ዘዘርግሖ ሓበሬታ፡ ዕላማ ናይቲ ኣብቲ ወደብ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ኑቲ ምንጪ ጸዓትን ፈናንሲያዊ እቶት ሑቲ ኮይኑ ከገልግል ከም ዘጸንሐ ዝጠቐሶ ዓበይቲ መኽዘናትን ሻምብቆታትን ነዳዲ ንምዕናው ምንባሩ ገሊጹ።

በቲ ዝተኻየደ ደብዳባት ከኣ፡ እቲ ወደብ ከይተረፈ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝዓነወ፡ እቲ ማእከላይ እዚ ወሲኹ ሓቢሩ።

ራስዒሳ፡ ናብ የመን ካብ ዝኣትዉ ከበቢ ኣብ ልዕሊ ብቐይሕ ባሕርን ወሽመጥ ዓደንን ዝሓልፉ ንግዳውያን መራኽብ ብዙየዶ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት፡ ብዙሓት ኩባንያታት መራኽብ ኑቲ ማያዊ መስመር ንግዲ ኣወጊደን ብህንዳዊ ውቅያኖስ ተኻሊለን ክሓልፉ ተገዲደን ምህላወን ምንጭታት ይሕብሩ።

ሑቲ፡ ኣብ ልዕሊ ብቐይሕ ባሕሪ ዝሓልፋ መራኽብ ዝፍጽሞ ዘሎ መጥቃዕትታት ክሳብ ዘቋርጽ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊኡ ተካይዶ ዘላ ደብዳብ ነፈርቲ ክትቅጽሎ ምዃና፡ ምምሕዳር ዋሽንግተን ምጥንቃቑ ዝዘከር እዩ።

## ሓማስ፡ ብእስራኤል ንዝቐረበሉ እማመ ነጺጉዎ

ምንቅስቓስ ሓማስ፡ ኑቲ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብእስራኤል ዝቐረበሉ ተኹሲ ደው ናይ ምባል እማመ ብወግዒ ከም ዝነጸጎ ተሓቢሩ።

እቲ ዕጡቕ ጕጅለ፡ ኩሎም ከይተለቁ ተረፎም ዘለዉ ጅሆታት ክልቀቑ፡ ኣምሲያኡ ከኣ እቲ ኲናት ደው ክብልን ዝተወሰኑ ፍልስጤማውያን እሱራት ክፍትሑን ኣብ ዝብል ነጥብታት ግን ክሰዘብ ደሊው ምዃኑ፡ ወሲኹ ገሊጹ ኣሎ።

ዋና ተዛታዪ ሓማስ ከሊል ኣል-ሃያ ኣብ ዝሃቦ ናይ ቪድዮ መግለጺ፡ ሓማስ ንፖለቲካዊ ኣጀንዳ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ዘገልግል ከፊላዊ ውዕላት ከምዘይቅበል ኣነጺሩ።

እቲ እስራኤል ኣቕሪባቶ ዘላ እማመ፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ደብዳብ ን45 መዓልታት ደው ክብል፡ ኣምሲያኡ ከኣ ካብ’ቶም ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ ዜጋታታ 10 ናጻ ክልቀቑ ዝብል ነጥብታት ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ።

ካብ’ቶም ኣብ ኢድ ሓማስ ተረፎም ዘለዉ 59 ሰባት፡ እቶም 24 ብህይወት ከምዘለዉ ይግመት።

በንያሚን ናታንያሁን መንግስቱን ኑቲ ምስ ሓማስ በብምዕራፉ ዝጕበር ከፊላዊ ስምምዓት፡ ከም መሸፈኒ እቲ ኣብ ምጽናት በርጌስ ፍልስጤማውያን ዝተመርኮሰ ፖለቲካዊ ኣጀንዳኦም ይጥቀሙሉ ምህላዎም፡ ከሊል ኣል-ሃያ ወሲኹ ወቒሱ።

እስራኤል፡ ዕላማ ናይቲ እተካይዶ ዘላ ኲናት ሓማስ ንምጥፋእ ምዃኑ’ኳ ብተደጋጋሚ ክትገልጽ እንተ ጸንሐት፡ ኣብ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ ደብዳብ ነፈርቲ ግን፡ መዓልታዊ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ በርጌስ ፍልስጤማውያን ይቕተሉ ምህላዎም’የም ምንጭታት ዘረድኡ።

ሰራዊት እስራኤል ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፋ ክልተ መዓልታት ኣብ ቓዛ ኣብ ዘካየዶ መጥቃዕቲ፡ ልዕሊ 100 ዒላማታት ሓማስ ከም ዝወቕዐ ድሕሪ ምጥቃስ፡ እቲ ብ1 መጋቢት ዝጀመሮ ከልከላ ናብ ቓዛ ዝኣቱ ሰብኣዊ ረዲኤት ከኣ፡ ዕላማኡ ኣብ ልዕሊ ሓማስ ጸቕጢ ንምፍጣር ከምዝኾነ ገሊጹ።

እስራኤል ኣንጻር ሓማስ ብእተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ወፍሪ ካብ ብውሕዱ 51,065 በርጌስ ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም ከምዘለዉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ወሽመጥ ቓዛ ይሕብር።



ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን
ዕለት 19/04/2025
ኀደና
ኀደና ኖቐፋ ቁ.223፡ ጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትራስተር
ቁ.ስልኪ 122798
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services